ኢንድ

# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 49 7 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00

## "ኢትዮጵያውያን ብፅሒት ኢትዮ ቴሌኮም ክገዝኡ ፃውዒተይ የቕርብ"

- ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኢትዮጵያውያን ኣብ ሽምያ ዝርከብ ኣክስዮን ኢትዮ ቴሌኮም ክገዝኡ ፀዊያም።10 ሚኢታዊ ብፅሒት ኢትዮ ቴሌኮም ንኢትዮጵያውያን ንመሸጣ ቐሪቡ።




እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ወግዓዊ መሸጣ ኣክስዮን ኣብ ዝገለፁሉ እዋን ከምዝበልዎ፤ ኢትዮ ቴሌኮም መኽሰብ ዘለዎ ስለዝኾነ ስቶክ ማርኬቲንግ ንምልምማድ 10 ሚኢታዊ ንመሸጣ ቀሪቡ ኣሎ። ስቶክ ማርኬቲንግ ብዝበለፀ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ስለዘለዎ ኢትዮጵያውያን ነቲ ዕድል ክጥቀሙሉ ይግባእ፡፡

ብስርሓቲ ዲጂታል ኢትዮጵያ ዝተራእየ ውፅኢት ናብዚ መሸጣ ኣክስዮን ኣብፂሑና 'ዩ፤ ኣብ ቀፃሊ ኣብ ዘፈር ሆቴል መሸጣ ብፅሒት ክህልወና 'ዩ ክብሉ ጠቒሞም፡፡

መሸጣ ኣክስዮን ቀዳማይ ምዕራፍ ብቴሌ ብር ተጀሚሩ ኣሎ። ናይ ሓደ ኣክስዮን 300 ብር እንትኸውን ዝተሓተ መጠን ኣክስዮን ድማ 33 ስለዝኾነ እቲ ዝተሓተ ዕድጊት ኣክስዮን 9ሽሕን 900 ብር ከምዝኾነ ዕላዊ ተገይሩ ኣሎ።

ኢትዮ ቴሌኮም ናብ ሼር ካምፓኒነት ከምዝተቐየረ ሓላፊት እቲ ትካል ፍረሂዋት ታምሩ ኣፍሊጠን።

ኢትዮ ቴሌኮም ጠቕላላ ብፅሒት 100 ቢልዮን ብር ሼር ከም ዘለዎ ብምግላፅ ካብዚ ክሳብ 25 ታሕሳስ 2017 ዓ.ም 10 ሚኢታዊ ንኢትዮጵያውያን ክሸየጥ ምኧኑን ገሊፀን።

## እቶም ዝተትሓዙ ፕሮጀክትታት ልምዓት ኣብ እዋኖምን ብፅሬትን ንምፍፃም ብትኹረት ክስራሕ 'ዩ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፣ ኣብዚ ዓመት ዝተተሓዙ ፕሮጀክትታት ኣብ እዋኖምን ብፅሬትን ንምፍፃም ብትኹረት ከምዝሰርሕ ምምሕዳር ከተማ መቀለ ኣፍሊጡ።

ኣብ 2017 ዓ/ም ብልዕሊ 8 ነጥብ 4 ቢልዮን ብር ዝተፈላለዩ ፕሮጀክት ንምህናፅ መደብ ዝሓዘ እንትኸዉን ኣብ ከይዲ ህንፀት ዝርኩቡን ኣብ ቀረባ እዋን ህንፀቶም ዝጅመር ፕሮጀክታት ብዝምልከትን ላዕለዎት ኣመራርሓ ከተማ መቐለ ዑደት እንትሳለጥ እቶም ፕሮጀክትታት ኣብ እዋኖምን ብፅሬትን ንምፍፃም ብትኹረት ከም ዝሰርሕ እቲ ምምሕዳር ኣፍሊጡ።

ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣብዚ ዓመት ካብ ዝሓዞም መደባት ካብ ዝሓለፈ ዓመት ዝዘሩ ፕሮጀክትታት ብፍላይ ብልዕሊ 50 ሚልዮን ብር ሓዱሽ ምስፍሕፋሕን ፅገናን ዝግበረሉ ዘሎ ሆስፒታል መቐለ ኣጠቓላሊ ህንፀቱ ኣብ ቀፀልቲ ኣዋርሕ ንምዛዛም ይስራሕ ከምዘሎ ዋና ዳይሬክተር ሆስፒታል መቐለ ዶ/ር ፊልሞን ገሊፆም።

ከም ሓበሬታ ቢሮ ኮሙኒኬሽን ትግራ፣ እቲ ምምሕዳር ኣብዚ ዓመት ንሆስፒታል መቐለ ተወሳኺ 47 ሚልዮን ብር ዝሓዘ እንትኸዉን ህዝቢ ብቐሊሉ ዝግልገለሉ ሓደ ዘመናዊ ቤት መድሓኒት ንምህናፅ እውን መደብ ተታሒዙ ይርከብ።

ከምኡ እውን ኣብ ክፍለ ከተማታት ቐዳማይ ወያነን ሰሜንን 2 መባእታዊ ሆስፒታል ንምስራሕ መደብ ዝተትሓዘ ኾይኑ ብፍላይ ጥዕና ጣብያ መቐለ ናብ መባእታዊ ሆስፒታል ንምዕባይ ህንፀቱ ከም ዝተጀመረ ኢንጅነር ብርሃነ ገ/ሄር ገሊፆም።

## ሰላም- ዋሕዝቲ በፃሕቲ ዓዲ ንምውሳኽ ዘለዎ ትርጉም

መኣርግ ገ/ሄር

**ትንታነ- ዜና**

ብዙሓት ሃገራት ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ብዙሓት ጎብነይቲ ብምስሓብ ልዑል ውፅኢት ዘመዝግባ ብዘለዎን በዝሒ መስሕባት፣ ንምጉብናይ ተመረፅቲ ዝኾኑ ቦታታት ብምልመዐን፣ መስሕብ ቱሪስት ቦታታት ብዝግባእ ብምፍላጠን፣ ብዝህብኦ ሰርቪስን ብዘለዎን ስታንዳርድ ሆቴላትን ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ እዘን ሃገራት እዚኣን ቐልቢ ጎብነይቲ ስሒበን በቢዓመቱ ሚልዮናት ናብ ሃገረን ክውሕዙ ዝገብራ እቲ ቐንዲ ምኽንያት ንበፃሕቲ ዓዲ (ቱሪስትታት) ብዝህበኦ ናይ ድሕንነት ውሕስናን ኣብ ሃገረን ብዘሎ ናይ ሰላም ኣየርን ምኽንያት 'ዩ፡፡



በርግፅ ስሉጥን ፅሬት ዘለዎን መስተንግዶ፣ ምቹው ኣገልግሎት መጓዓዝያ፣ ብቱሪስትታት ተመረፅቲ መስሕባት፣ ታሪክ፣ ባህሊን ከባቢታት ሃፍቲ ተፈጥሮን ንምጉብናይን ፃኒሕት ንምንዋሕን ዘኽእል ልምዓት ቱሪዝም ኣዝዩ ወሳንን ኣድላይን 'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ሰላምን

ሰላም- ዋሕዝቲ .... ገፅ 6

## ኣብ ዝራእቲ ክበፅሑ ዝኽእሉ ጉድኣታት ከመይ ንከላኸል?

ኣብርሃ ሓጎስ

**ሓተታ- ዜና**

ከምዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ብዝተፈላለዩ ባልዓትን እዋኑ ብዘይሓለወ ዝናብን ኣብ ዝራእትታት ሓደጋ በፂሑ ብምንባሩ ሓረስቶት ተፀበይቲ ሓገዝ ንክኾኑ ከምዝተገደዱ ዝዝከር 'ዩ፡፡ ሎሚ ዓመትከ ትንበያ ሜቲዎሮሎጂ እንታይ የመላኽት ኣሎ? ዝሓለፈ ዓመት ዘጋጠመ ፀገም መሊሱ ከየጋጥም እንታይ ክስራሕ ኣለዎ? ከም እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ዝበሉ ስግኣታት ናብ ዕደል ከመይ ምቕያር ይክኣል ኣብ ዝብሉን ካልኣትን ሰብ ሞያ እዚ ዓወዲ ዘዛራረብናዮም እንትገልፁ፣ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ መራሒ ጉጅለ ክንክን እፀዋትን ምክልኻል ባለዓትን ኣይተ ገብረሂወት ሃይለስላሴ፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝራእቲ ኣብ ዕቡቕ ቁመና ከምዝርከቡ ብምግላፅ፣ ሎሚ ዘበን ኣብ

ኣብ ዝራእቲ .... ገፅ 6



መግለፂ ፍትሒ፣ ሓድነት፣ ማዕርነትን ሓርበኝነትን ባንዴራ ኢትዮጵያ

ገፅ 4

‹‹ኣብ ከተማና ከተማ ኣክሱም ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ተስፋ ዘለዎ ናይ ቱሪዝም ምንቕቓሕ እናተረኣየ 'ዩ››

-ኣይተ ገብረመድህን ፍፁምብርሃን፣ ሓላፊ ባህልን ቱሪዝም ከተማ ኣክሱም

ገፅ 5



## ‹‹ኣብ ሩባ ናይል ዝተበፅሐ ስምምዕ ፍትሓውን ምኽንያታውን ብዝኾነ መገዲ ንምጥቃም ዝተገበረ ነዊሕ ጉዕዞ 'ዩ››

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር)

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ስምምዕነት ማዕቀፍ ምትሕብባር ሩባ ናይል ናብ ተፈፃምነት ምእታዉ ፍፃመ ንማይ ኣባይ ፍትሓውን ምኽንያታውን ብዝኾነ መገዲ ንምጥቃም ዝተገበረ ነዊሕ ጉዕዞ 'ዩ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ገሊፆም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ማሕበራዊ ምትእስሳር ገፆም ኣብ ዘመሓላለፉዎ መልእኽቲ ከምዝገለፅዎ፣ ኣብ ተፋሰስ ኣባይ ንዘርኣናዮ ምኽንያታዊ ሓባራዊ ምትሕብባር ታሪኻዊ መዓልቲ ኾይኑ ዝዝከር 'ዩ ኢሎም።

ስምምዕነት ማዕቀፍ ምትሕብባር ሩባ ናይል ናብ ተግባር ምእታዉ ናይ ናይል ቤተሰባዊ ምትእስሳርና ካብ ምጥንኻሩ ብተወሳኺ ኣብ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን ሃፍቲ ማይ ናይል ንኹሉ ተጠቃማይ ዝገብር ምዃኑ 'ውን ኣልዒሎም።

ኣብ ተፋሰስ ሩባ ናይል ዝተገበረ ስምምዕነት ማዕቀፍ (ሲ ኤፍ ኤ) ናብ ተፈፃምነት ምእታዉ ንማይ ሩባ ኣባይ ብፍትሓውነትን ምኽንያታዊ ብዝኾነ መንገድን ንምጥቃም ንዝተኸደ ነዊሕ ጉዕዞ ዝዛዘመ ምዃኑ 'ውን ገሊፆም።

እቲ ስምምዕነት ማዕቀፍ ምትሕብባር ናብ ተግባር ንኽኣትው ብቖራፅነት እናሰርሓ ንዝነበራ ኣባል ሃገራት እቲ ማዕቀፍ ምስጋና ኣቕሪቦም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ መልእኽቶም ኣብቲ ማዕቀፍ ፈርማኦን ዘየዕረፉ ሃገራት ናብ ቤተሰብ ናይል ንኽሕወሳን ሓባራዊ ሽቶና ብምስኻዕን ልምዓታውን ዞባውን ውህደት ጋህዲ ንግበር ክብሉ 'ውን ፃውዒት ኣቕሪቦም።

# ‹‹ዕላማ ባንዴራ ንላኣላውነት ዝተኸፈለ ምልክት ሓድነትን ህብረ ብሄራውነትን ‘ዩ››

-ፕሬዝደንት ታዬ ኣፅቀስላሴ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ባንዴራ ኢትዮጵያ ንላኣላውነት ዝተኸፈለ ፣ መርኣያ ሓድነት ህብረ ብሄራዊ ምልክት ማዕርነትን ኢትዮጲያውያን ብዝኸፈልዎ መስዋእትነት ናይ ወለዶ ቅብብል ፀኒዑ ዝፀንሐ ኣርማ ‘ዩ ክብሉ ፕሬዝደንት ታዬ ኣፅቀስላሴ ገሊፆም፡፡

ብሃገርለኸ ብርኪ ንመበል 17 ግዜ ‹‹ባንዴራና ንብሄራዊ ሓድነትና፣ ንላኣላውነትን ንብራኸ ኢትዮጵያን›› ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ዝተኸበረሉ እቶም ፕሬዝዳንት ከምዝበልዎ፤ ኢትዮጵያውያን ንባንዴራ ዝግበኦ ኽብሪ ክህቡን ከም ብሄራዊ በዓል ከኽብርዎ ከምዝግባእ ተዛሪቦም፡፡

ባንዴራ ኢትዮጵያ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ተሓቲሙ ዝፀንሐ ብሄራዊ መፍለይ ጥራሕ ኣይኮነን ዝበሉ እቶም ፕሬዝደንት፤ ብኣፍሪካውያንን ብመላእ ፀለምቲ ህዝብታት ዓብይ ትርጉም ዝህብ ናይ ነፃነትን ማዕርነትን ምልዕዓል ኣርማ ምልክት ከምዝኾነ ተዛሪቦም፡፡

ብሄራዊ ባንዴራ ትርጉም ብዘለዎ መልክዑ ምኽባር ንብሄራዊ ምርድዳእ፣ንሓድነት ኢትዮጵያ ንላኣላውነትን ምፅናዕ ብጣዕሚ ኣድላይ መሰረታዊ ጉዳይ ከምዝኾነ ብምግላፅ፣ እቲ ባዓል እንትነኽበር ህብረብሄራዊ ሓድነትን ልኣላውነትን ንህልውና ዋሕስ ከምዝኾኑ ንምርግጋፅ ‘ዩ፡፡

ኢትዮጵያ ናይ ብዙሓት ባህሊ፣ ሃይማኖት፣ ቋንቋ፣ ኣተሓሳስባ፣ ድልየት፣ብዙሓት ሃፍትታትን ዘለዋ ሃገር ከምዝኾነት ብምግንዛብ ኣብ ትሕቲ ባንዴራ ምስብሳብ ኣድላይ ከምዝኾነን ዘመልከት ክኾን ከምዝግባእ ተዛሪቦም፡፡

ኢትዮጵያ ብዙሕ ኾይና ሓንቲ፣ ሓንቲ ኾይና ብዙሕ ‘ያ ዝበሉ እቶም ፕሬዝደንት፤ ናይዚ መግለፂ ድማ ባንዴራ ከምዝኾነ ብምግላፅ፣ ህብረ ብሄራዊ ሓድነት ብምፍጣር ሃገረ መንግስቲ ንምህናፅ ናይ ኢትዮጵያውያን ልዕልነት ዘተኣማምን መሰረት ንምቕማጥ ዝካኣል ብሄራዊ ባንዴራ ልዕል ብምግባር፣ ብዝተወፋርናሉ ጠንኪርና ብምስራሕ ‘ዩ ኢሎም፡፡

ካብ ትማሊ ክሳብ ሎሚ ጀጋኑ ኢትዮጵያውያን ብደሞም ላኣላውነትን ናፃነታ ኣሐሊዮም ዘንበርዋ ሃገር ሎሚ ብፍልጠቶም፣ ብጉልበቶምን ብራሃዮምን ክነልምዕ ኣለና ኢሎም፡፡ ዘለዉና ናይ ዘመናት ዕዳ ናብ ሃፍቲ ንምቕያር ብዓብይ ተስፋን ፅባሕ ብምትላምን ብሓድነት ባንዴራና ልዕል ብምግባር ንኢትዮጵያ ልዕልነት ንምስራሕ ካብ ካልእ እዋን ብዝበለፀ ብልፅግና ንምርግጋፅ ምርብራብ ከምዘድሊ ኣተሓሳሲቦም፡፡

እቲ ወለዶ ናይ ባዕሉ ሃገራዊ ዓሻራ ዝኾነ ህደሰ እቲ ግድብ ብሓደ ልቢ፣ ብሓደ ሓሳብ ብናይ ባዕሉ ፍልጠት፣ ፃዕርን ራሃፅን ሃኒፁ ብምዝዛም ሓላፍነቱ ከምዝተዋፀአ ኹሉ ናይ ሃገር ኹለንተናዊ ብልፅግና ምርግጋፅ ናይ ወለዶ ዓብይ ሓላፍነት ‘ዩ ኢሎም፡፡ ናይ ኢትዮጵያ ሰላም፣ ልምዓትን ህልዉናን ንምኽባር መስዋእትነት ዝኸፍልዎን መከላከያ፣ ናይ ዕብየትን ልምዓት ሓይልታት ኹሉ ክብሪ ይግበኦም ‘ውን ኢሎም፡፡

ሰላም ሃገር ዝህውኹ ድሑር ኣተሓሳስባ ብምጥፋእ ንባንዴራ ኽብሪ ጠጠው ብምባል ታሪኽ ሓላፍነት ክንዋፃእ ይግባእ፡፡ እቲ ወለዶ ዝተጀመሩ ሃገራዊ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ኢኮኖምያውን ሪፎርም ብዝተማለአ መልክዑ ብምፍፃም ካብ ኣቦታት ዝወረሶ ናይ ሃገርን ናፃነትን ባንዴራ ሓልዩ ብምፅናሕ ታሪኻዊ ሓላፍነት ኣለና፡፡



ብሄራዊ ባንዴራ ናይ ብሄራዊ ሓድነትና መርኣያ፤ ዜጋታት ሃገራዊ ፍቕርን ብሄራዊ ስምዒት መግለፂ፣ ታሪኽ ፣ማሕበራዊ ምትእስሳርን ስነልቦናዊ ሓድነት ዝንፀባረቐሉ ምልክት ከምዝኾኑ ‘ውን እቶም ፕሬዝዳንት ተዛሪቦም፡፡

ባንዴራ ናይ መስዋእትነት፣ነፃነት፣ ልኣላውነትን ናይ ግዝኣት ሓድነትን መግለፅን ኣርማን ‘ዩ፡፡ ባንዴራ ጀጋኑ ኢትዮጵያውያን ደሞም ኣፍሲሶም ኣዕፅምቶም ከስኪሶም ኽቡር መስዋእትነት ህይወት ኸፊሎም ብኽብሪ ሓልዮም ብኽብሪ ዘረከቡ ተሓቲሙ ዝፀንሐ ናይ ሰዓራይነትን ነፃነትን ኣርማ ‘ዩ፡፡

ኢትዮጵያ ናፃነታን ልኣላውነታን ሓልያ ተሓፊሪን ተኸቢራን ዝፀንሐት ዓባይ ኣፍሪካዊት ሃገር ‘ያ ዝበሉ እቶም ፕሬዝደንት ኣብ መንግስታዊ ምምሕዳር ስርዓት ‘ውን ነዊሕ ዓመታት ካብ ዘቑፀሩ ሃገራት ብርኪ እትጥቀስ ከምዝኾነት ታሪኽ ባንዴራ ‘ውን ካብ ከይዲ ህንፀት ሃገረ መንግስቲ ዝተትሓሓዘን ከምዝኾነ ኣብሪሆም፡፡

ሃገራዊ ናፃነትና ልኣላዊነትና ንምውሳድ በቢዘመኑ ብተደጋጋሚ ወራራ ወፃኢ ሓይሊ እንትነበሩ ‘ውን ኣደታት፣ ኣቦታት ብዝተሓባበረ ቕልፅም ብሓድነት ጠጠው ኢሎም ኣሸኒፎምን ኣሕፊሮምን ዝመለሱ ናይ ናፃነትናን መግለፂ ዝኾነ ባንዴራ ካብ ዝህብዎ ኽብሪ፣ ፍቕርን ብሄራዊ ስምዒትን ብምልዓል ‘ዩ ኢሎም፡፡

ኢትዮጵያውያን ሃገር ሉኣላውነትን ንክኽበር ናፃነት ኽብሪ ህዝብታትን ንምፅናዕ ንባንዴራ ሃገርና ፍቕርን ኽብርን ክብሉ ብሓድነት መስዋትነት ከምዝኸፈሉ ኣዘኪሮም፡፡ ኣብቲ ዕለት ፕሬዝዳንት ጠቕላላ ቤት ፍርዲ ኣይተ ቴዎድሮስ ምሕረት ናይ ቃለ መሓላ ስነ-ስርዓት ዘፈፀሙ እንትኾን፤ በቢ ዓመቱ እናተኸበረ ዘሎ ባንዴራ ኣዋጅ ቁፅሪ 654/2001 ብዝደንገገ መሰረት ከምዝኾነ ዝፍለጥ ‘ዩ፡፡

# ካብ ነሓሰ ጀሚሮም ዝተኸበሩ በዓላት ገዚፍ ናይ ቱሪዝም ዓቕሚ ዝፈጠሩ ነይሮም

**ኣብረሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ካብ ዝሓለፈ ፍርቂ ነሓሰ ወርሒ ጀሚሩ ኣብ መላእ እዛ ሃገር ዝተኸበሩ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት ገዚፍ ናይ ቱሪዝም ዓቕሚ ዝፈጠሩ ምንባሮም ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ገሊፁ፡፡

ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ኢትዮጵያ ብዙሓት ዓለምለኸን ሃገር ለኸን ኮንፍረንሳት ንምትእንጋድ ምድላው ምግባራ 'ውን ተገሊፁ።

ሚኒስትር ዴኤታ ኮሙኒኬሽን ኣገልግሎት መንግስቲ ሰላማዊት ካሳ ኣብ እዋናዊ ጉዳያት መግለፂ ኣብ ዝሃብኦ መግለፂ ከምዝበልኦ፤ ካብ ዝሓለፈ ፍርቂ ነሓሰ ወርሒ ጀሚሩ ኣብ መላእ እዛ ሃገር ዝተኸበሩ ሃይማኖታውን ባህላውን በዓላት ብድምቀት ምኽባሮም ብምዝኽኻር፤ እቶም በዓላት ገዚፍ ናይ ቱሪዝም ዓቅሚ ዝፈጠሩ ምዃኖም ኣልዒለን፡፡

እቶም በዓላት ናይ ሓደ ሃገር ዓቅሚ ባህልን ክብርን ዘፋልጡ ካብ ምዃኖም ብዝሓለፈ ኣነባብራ እቲ ማሕበረሰብ ብዝተፈለየ ኩነታት ንዓለም ንምፍላጥ ዓብዪ ዓቕሚ ዝፈጠሩ ምንባሮም ብምግላፅ፤ ከምኡ 'ውን ምትእስሳራት ህዝብታትን ሕብረ ብሄራዊ ሓድነትን ንምጥንኻር ዓቢዩ ግደ ከምዝነበሮም ገሊፀን።

ብኻሊእ ወገን ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ጥቅምቲ፣ ኢትዮጵያ ብዙሓት ዓለምለኸን ሃገር ለኸን ኮንፍረንሳት ንምትእንጋድ ምድላው ብምግባራ፤ በዚ መሰረት 'ውን ካብ ጥቅምቲ 26 ክሳብ 28 2017 ዓ.ም ኮንፍረንስ ናፃ ዝኾነ ዓለም ኣብ ኢትዮጵያ ከምዝካየድ ሓቢረን።

ኣብቲ መድረኽ 'ውን ካብ ዝተፈላለዩ ዓለም ሃገራት ዝተወፃፅኡ ልዕሊ 1 ሽሕን 500 ኣጋይሽ ክሳተፉ 'ዮም ተባሂሉ ትፅቢት ከምዝግበር ተዛሪበን፡፡

ኣብቲ ኮንፈረንስ ኢትዮጵያ ንዝሓለፉ ሽዱሽተ ዓመታት ብምግቢ ዓርሰኻ ንምኽኣል ብፍላይ ብናይ ሓጋይ ስንዳይ፣ ብሕርሻ ኹታ ገጠምን ብሓምላዊ ዓሻራን ዘለዋ ልምዲ እተካፍል 'ያ ትኸውን ኢለን፡፡

ብተወሳኺ ኣኼባ ኮንፌዴሬሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪካ ካብ ጥቅምቲ 9 ክሳብ 12/ 2017 ዓ.ም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከምዝካየድ ኣፍሊጠን፡፡

እቲ ጉባኤ ኢትዮጵያ ኣብ ቀፃሊ ዋንጫ ኣፍሪካ ንምድላው ካብ ዝሓዘቶ ትልሚ ተተሓሒዙ ዓብዪ ትርጉም ዘለዎ ምዃኑ ብምሕባር፤ ጥቡቕ ምድላዋት ዝተርእየሉ ከምዝኾን ኣልዒለን።



ሰላማዊት ካሳ

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ግቡእ ክብርን ፍቕርን ምልክት ሓድነትናን ናፃነትናን ንዝኾነት ባንዴራና

ሃገራት ነናይ ባዕለን ባንዴራ ዘለዎን ኮይነን ምልክታት ባንዴራ ግና ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል 'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ዋና ዕላማ ባንዴራ መግለፂ ልኣላውነት፣ ናፃነት፣ ክብርን ሓድነትን 'ዩ፡፡ ባንዴራ ወኪል ኮይኑ ዘገልግል መግለፂ 'ውን 'ዩ፡፡ ኣብ ኢንባሲታት ኣብ ስፖርታዊ ፀወታታት ወዘተ ከም ወኪል ኮይኑ የገልግል፡፡

ባንዴራ ሃገርና ናይ ሃገር ክብርን ልኣላውነትን መግለፂ ኮይኑ ዋጋ ሂወት ዝተኸፈሎ 'ዩ፤ ብምኳኑ እዚ ትውልዲ እዚ ንባንዴራ ክቡር ዋጋ ከምተኸፍሎ ተገንዚቡ ግቡእ ክብሪ ክህቦ ይግባእ፤ ግቡእ ክብሪ ምሃብ ማለት ሃገር ምፍታው፣ ነንበዓልኻ ምክብባርን ምድግጋፍን ከምኡ 'ውን ንሃገርካ ጠጠው ምባል ማለት 'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ባንዴራ መግለፂ ክብርን ልኡላውነትን ሃገር ስለዝኾነ፡፡

ሎሚዘበን መበል 17 መዓልቲ ባንዴራ « መዓልቲ ባንዴራና ንብሄራዊ ሓድነትና፣ ንለኣላውነትናን ንብራኽ ኢትዮጵያን ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ተፈላለዩ ክፍልታት ሃገርና ክኽበር እንተሎ ንሃገራዊ ሓድነትናን ልኡላውነትናን ብዘለዎ ትርጉም 'ዩ፡፡ ባንዴራ ምልክት ሓድነት፣ መግለፂ ክብርን ልኡላውነትን ሃገር 'ዩ ካብ በልና እዚ ባንዴራ እዚ ዋጋ ከምተኸፍሎ ነፍሲ ወከፍ ወለዶ ተረዲኡ ንባንዴራ ሃገር ግቡእ ክብርን ፍቕርን ክህብ ይግባእ።

ሃገርና ኣብተፈላላዩ እዋናት ፈተና እንትገጥማ ብናይ ህዝቢ ሓድነትን ምትሕባባርን ከትምክት እንተላ ሓንቲ ናይ ሃገር ባንዴራ ስለዘለትና 'ዩ፡፡ ባንዴራ ማለት ሃገር ማለት ስለዝኾነ ወለድና ናይ ደገ ፀላኢ እንተጋጥሞም ሓንቲ ባንዴራ ሒዞም ናይ ህይወት መስዋእትነት ብምኽፋል ሃገር ኣረኪቦምና 'ዮም፡፡ ሕዚ 'ውን ሓይልታት ምክልኻል ሰራዊት ሃገር ምእንተ ክብሪ ባንዴራ ዶብ ሃገር ብጅግንነት ብምሕላው መተካእታ ዘይብላ ህይወቶም ዝኸፍሉ ዘለዉ ባንዴራ ማለት ምልክት ሃገር፣ ሃገር ማለት ድማ ልዕሊ ኩሉ ስለዝኾነት 'ዩ

ብሄር ብሄረሰብ ዝውክል ዝተፈላላዩ ናይ ክልላት ባንዴራ ዋላ እንተሃለውና ንሕና ኢትዮጵያውያን ብሃገር ደረጃ ኣብ ሕገ መንገስቲ ብዝጠቐመጠ መሰረት ሓንቲ ናይ ሃገር ባንዴራ ኣለትና፡፡ ስለዚ ብሃገር ንዝመፀና ጉዳይ ኩልና ኢትዮጵያውያን ኣብ ሓንቲ ባንዴራ ንዓስለሉ 'ዩ ዝኸውን፡፡

ባንዴራ መግለፂ ልኡላውነት ሃገርናን ብራኽ ኢትዮጵያን ብምኳና ንባንዴራ ኩሉ ግዜ ግቡእ ክብሪ ብምሃብ ክብራ ከንዕቕባ ኣለና፡፡ ኣብ ሓንቲ ባንዴራ ክንዓስል እንተለና ልምዓትናን ዕቤትናን ነረጋግፅ፡፡ ብፍላይ እዚ ትውልዲ እዚ ባንዴራ ሓደ ካብ መግለፂታት ልኡላውነትናን ሓድነትናን ምኳና ተገንዚቡ፣ ነንበዓሉ ብምክብባር በቢ ዝተዋፈሩሉ ዓውዲ ስራሕቲ፣ ሃገር ንምዕባይ በርቲዑ ክሰርሕ ኣለዎ፡፡

ንሕና ወለዶ ባንዴራ ፍልፍ ፍቅሪ ሃገርን ምልክት ልኡላውነትን ምኳና እንትንርዳእ ፍቅሪ ሃገር ይሓድረና፤ ፍቅሪ ሃገር እንትሓድረና ድማ ንለኣላውነት ሃገር ብሓደ ንስለፍ፡፡ ባንዴራ ኢትዮጵያ፣ መግለፂ ሓድነት፣ፍልፍ ፍቅሪ ሃገርን ምልክት መግለፂ ልኣላውነትን እያ ከንብል እንተለና ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ሓድነት፣ ናፃነትና ኣጣቓሊላ ዝሓዘት ናይ ሓባር ኣርማናን ናይ ጥንካረ ሓወልቲናን 'ያ፡፡

ትርጉም ባንዴራ ዓቢዩ 'ዩ። ንሕና ኢትዮጵያያን ባንዴራ ዝዓበየት ሃብትና ኮይና ኩሉ ግዜ ኣብ ልብና ዝተሳኣለት ናይ ክብርን ፍቕርን ምልክት 'ያ፡፡ ስለዚ ኢትዮጵያውያን ዘመዝገብዎ ዓወታትን ምስ ክብርን ፍቕርን ባንዴራ ዝተኣሳሰረ 'ዩ። ባንዴራና ምልክት ናፅነት ኣፍሪካውያን 'ውን 'ያ።

ብሓፈሻ ክብርን ዝናን ባንዴራና ተዓቂቡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክመሓላለፍ ሎሚን ፅባሕን ንኢትዮጵያ መስዋእቲ ንምኽፋል ድሉዋት ክንኸውን ኣለና፡፡ ልክዕ ጅግና ሰራዊት ምክልኻል ሃገርና ንባንዴራ ክብል ክቡር ሂወቱ ዝኸፍል ዘሎ፡፡ ከምዚ እንትንገብር ባንዴራ ወይ ልኡላውነት ሃገርና ኣብ ሓደጋ ከወድቅ ኣይኽእልን፡፡ ስለዚ ኩልና ንሃገርና ወይ ንባንዴራና ኣብጎንኺ ኣለኹ ከንብላ ይግባእ፡፡ ብፍላይ ድማ ባንዴራና ከይተደፈረት ከትቕፅል እትኽእል ኩልና ኣብ ዝተዋፈርናሉ ዓውዲ ስራሕቲና ብትግሃት ምስ እንፍፅም 'ዩ፡፡


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ
ቀፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

ዋና ኣሰናዳኢ
ፍቃዱ ሞላ

ኣድራሻ
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቁፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቁፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

ኣሰናዳእቲ
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

ክፍሊ መቅበሊ ምልዓይ
ቁፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

መተሓባበሪ ምልዓይ ዕዳጋ
ቁፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

መከፋፈሊ
ቁፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋም እይኮኑን፡፡

## ኣጣቓቕማ መኣድን ሃገርና ብፍላይ ክልልና እንታይ ይመስል?

መኣርግ ገ/ሄር

መኣድናት ብተፈጥሮ ዝርከቡ ኮይኖም ብዙሓት ዓይነት 'ዮም፤ ገሊኦም ኣዝዮም ክባራት እንትኾኑ ገሊኦም ግና ብቀሊሉ ስለ ዝርከቡ ብዙሕ ክባራት ኣይኮኑን። መኣድናት ብትኽክል ኣብ ጥቕሚ እንተውዒሎም ኣብ ዕቤት ሃገር ዘለዎም ኣስተዋፅኦ ቐሊል ኣይኮነን። ብፍላይ ብርከት ዝበሉ ክባራት መኣድናት ዘለወን ሃገራት ኢኮኖሚአን ክዓብያ ንርኢ ኢና። ኮይኑ ግና መኣድናት ሃለቕቲ ስለዝኾኑ ብልግባቡ ምጥቃም ወሳኒ 'ዩ። ናብ ሃገርና ብፍላይ ናብ ክልል ትግራይ ክንመፅእ እንተለና ዝተፈላለዩ መኣድናት ዘለዉ ኮይኖም ኮይኑ ግና ኣብ ኣጣቓቕማ ሰፊሕ ክፍተት ኣሎ።

መኣድናት ትግራይ ኣጣቓቕማ ስርዓትን ሕግን ወፂኦዎ እንትተሰርሑሉ ኣብ ምዕባይ ኢኮኖሚያዊ እቲ ክልል ኢሉ 'ውን ኣብታ ሃገር ዘለዎ ግደ ቐሊል ዘበሃል ኣይኮነን። ኣብ ኣጣቓቕማ መዓድን ዘሎ ክፍተት ትኹረት ተዋሂብዎ ክሰራሕ ኩሉ ክረባረብ ኣለዎ። ብፍላይ ብመንግስቲ ልዑል ትኹረት ክወሃቦ ኣለዎ። እቶም ዘለዉ ክፍተታት ንምስትኽኻል ጠንካራ ሕግን ደንብን ብምውፃእ ክስረሓሉ ኣለዎ።

ኣብ ሃገርና ኢሉ 'ውን ኣብ ትግራይ ንመጋየፂ፣ ኢንዱስትሪን ኮንስትራኽሽንን ዝውዕሉ ብርከት ዝበሉ ሃፍቲ መዓድናት ከም ዘለዉ ዝፍለጥ 'ዩ። ኮይኑ ግና ዘመናዊ ዝኾነ ኣጠቓቕማ ስርዓት መኣድን ብዘይ ምዝርግሑ መኣድናት ካብ ሕጊ ወፃኢ እናተጉሓጉሑ ሽግዩ ውሱናት ኣካላት እናኾኑ 'ዮም ዝርከቡ። ብፍላይ ድማ ንኸባቢ ክልተ ዓመታት ኣብ ትግራይ ኩናት ኣጋጢሙ ብምፅንሑ ብዙሓት ኣካላት ብኢሕጋዊ መንገዲ ኣብ ምፍራይ መኣድን ተዋፊሮም ብምፅንሖም እታ ክልል ትኹን እታ ሃገር ዘፈር ከትረኽቦ ዝግባእ እቶት ከይረኸበት ፀኒሓ 'ያ።

ከምቲ ልዕል ኢለ ዝገለፅክዎ ኣብቲ ክልል ከም ወርቒ፣ ንኢታዎታት ኢንዱስትሪን ኮንስትራክሽንን ዝውዕሉ ብበዝሒ ዋላ ይሃልዉ ፍትሓዊ ተጠቓምነት ብዘይ ምህላዉ ብዙሕ መንእሰይ ስራሕ ብምስኣት ናብ ስደት እናምረሐ ይርከብ። ኣብቲ ክልል ካብቶም ክባራት ዝኾኑ መዓድናት ብቐንዱ ዝጥቐስ ወርቒ ኮይኑ ካብኡ ብምቕፃል ድማ ሳፋየር 'ዩ። ብኻሊእ ወገን እቶም ብስፍሓት ንኢታዎታት ኮንስትራክሽን ዝውዕሉ መዓድናት ከም ፀፀር፣ ሓሸዋን ኣእማንን ዝመሳሰሉ ኮይኖም እዚኦም ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት ትግራይ ብስፍሓት ዝርከቡ 'ዮም። ብምኳኑ እዞም መዓድናት እዚኦም ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ዘለዎም ዓቕሚ ልዑል ዋላ እኳ እንተኾነ ኮይኑ ግና ናይ ኣጣቓቕማ ክፍተት ብምህላዉ ብዝግባእ ናብ ጥቕሚ ኣይወዓሉን ምባል ይከኣል 'ዩ።

ብፍላይ እቲ ክልል ኣብ ኩናት ምስ ምንባሩ ተተሓሒዙ ኣብ መዓድን ስርዓት ዘለዎ ኣጣቓቕማ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል 'ዩ። እዚ ክልል ኣብ ኩናት ከም ምፅንሑ መጠን ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ስራሕ ሕፅረት ኣሎ። እዚ ብትኽክል ተተሰሪሕዎ ግና ብዙሕ ናይ ስራሕ ስእነት ንምቕላል ዝህልዎ ግደ ቀሊል ኣይኮነን። ኮይኑ ግና ብዘይ ሕጋዊ እናተዘረፈ ይርከብ። ቐፃሊ መንግስቲ ኣዝዩ ልዑል ትኹረት 'ዩ ዘሎ። ጠንካራ ምሕደራ ብዘይ ምህላዉ ስርዓት ዝጎደሎ ኣጣቓቕማ ተስፋሕፊሑ 'ዩ። መኣድን ንኢኮኖሚያዊ ዕቤት ሃገር ብዘለዎ ኣስተዋፅኦ ስፍሕ ዝበለ ናይ ኣጣቓቕማ ስትራክቸር ክህልዎ እናተገበአ ከምዚ ኣይተገበረን። ዋላ ካብ ሳዕሊ ጥንክር ዝበለ ስርዓት ኣይዘርጋሕ እቲ ናይ ክልልን ወረዳን ኢሉ 'ውን ኣብ ጣብያ ዘሎ ምምሕዳር ናይ ከባቢኡ ሃፍቲ ስለዝኾነ ብቕርበት ከኽዕቦርን ከማሕድሮን ግን ኣለዎ። ምስ ክልል ምትእስሳር ብምፍጣር ጥንክር ዝበለ ምቖፃፃር ክገብር ኣለዎ። ምኽንያቱ ናይ ከባቢኡ ሃፍቲ 'ዩ። ብኸምዚ እንተኾይኑ ዘይሕጋውያን መፍረይቲ መዓድናት ከባራኽቱ ኣይኽእሉን 'ዮም፤ ስለዚ ብርከት ዝበለ ዝፈረየ ሃፍቲ መዓድን ድማ ብዘይ ኣገባብ ከዛዋወር ኣይኽእልን 'ዩ። ሕጋውያን ዘይሕጋውያን ፈሊኻ ብምፅናዕ እቶም ብዘይሕጋዊ መንገዲ ተዋፊሮም ዘለዉ ንሕጋዊ መስመር ክኣትዉ ክግበር ኣለዎ። በርግፅ ብፍላይ እቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ዝፈጠሮ ዓብዪ ክፍተት ኣሎ። ኮይኑ ግና እዚ ሕዚ ሰላም ስለዝኾነ ነዚ ንምስትኽኻል ኩሉ ክረባረብ ኣለዎ። ምኽንያቱ እዚ ሃፍቲ ሃገር ስለዝኾነ ንኹሉ ዝምልከቶ ጉዳይ 'ዩ።

ብፍላይ ኣብዝሓለፉ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ከም መዓድን ወርቒ ብርከት ዝበለ ኢሕጋዊ ስራሕ ተስፋሕፊሑ 'ዩ፤ ሕዚ 'ውን ተወሰኒ ቐኒሱ ክኸውን ይኽእል እምበር እናቐፀለ 'ዩ ዝርከብ። ብፍላይ ብዘይሕጋዊ መገዲ ኣብ ወርቂ ዝሰርሑ ስራሕቲ ብዝሒ ዝበሉ 'ዮም ነይሮም። ስለዚ እቶም ዘይጋውያን ሕጊ ክሕዙ ክግበር ኣለዎ፤ ጠንካራ መምርሒን ቐፅፅርን ክህሉ ኣለዎ። ብፍላይ ስራሕ ንዘሰኣኑ መንእሰይ ብትኽክል ኣብኡ ኣትዮም ዝርብሕሉ ዕድል ዝሰርሑሉ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ። ዝወፅእ መምርሒን ደንብን ዚ ዘማእኸል ክኸውን ኣለዎ። ኣብ መዓድን 'ውን እተን ዘለዋ ፖታንሻል ኣፅኒዕኻ ካልኦት ናይ መዓድን ቦታታት ኣፅኒዕኻ ኩሉ ብሕጊ መሰረት ካፍቶም ዘይሕጋዊን 'ውን ሕጋዊ ዝኾነሉ ኩነታት ብምፍጣር፣ ብኣንፃሩ ድማ ነቲ መምርሒን ደንብን መሰረት ገይርካ እቲ መንእሰይ ተጠቃሚ ዝኾነሉ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ። ከምዚ እንተኾይኑ ኣብ ናይ ዕቤት ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ኩነታት ክልልና ዓብዪ ለውጢ ከመፅእ ይኽእል 'ዩ።

ብሓፈሻ ኣብ ዘፈር መኣድን ብኣግባቡ እንትተሰሪሑሉ ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ስራሕ ዕድል ኣብ ምፍጣር ዓብዪ ግደ ኣለዎ፤ ከምኡ 'ውን ብዝግባእ እንትተሰሪሑ ናብ ክልል ይኹን ናብ ፌዴራል ክኣቱ ዝግባእ እቶት ክርክብ ዘኽእል 'ዩ።

> ኣብ ዘፈር መኣድን ብኣግባቡ እንትተሰሪሑሉ ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ስራሕ ዕድል ኣብ ምፍጣር ዓብዪ ግደ ኣለዎ፤ ከምኡ 'ውን ብዝግባእ እንትተሰሪሑሉ ናብ ክልል ይኹን ናብ ፌዴራል ክኣቱ ዝግባእ እቶት ከርክብ ዘኽእል 'ዩ

# እዋናዊ ዛዕባ

## መግለፂ ፍትሒ፣ ሓድነት፣ ማዕርነትን ሓርበኝነትን ባንዴራ ኢትዮጵያ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**



መበል 17 ዕለት ባንዴራ ኣብ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል ሃገርና ብድምቀት ተኸቢሩ 'ዩ፡፡ «ባንዴራና ንብሄራዊ ሓድነትና፣ ሉኣላዊነትናን ንልዕልነት ኢትዮጵያን» ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ንመበል 17 ግዘ ኣብ መለእ ሃገርና ከምዝተኸበረ ይዝከር 'ዩ። ኣብ ትካላት መንግስቲ ፌዴሪኢ ፣ኣብ ክልላት፣ ምምሕዳር ከተማታት፣ ኣብ ካምፕታት ምክልኸል ሃገር ከምኡ 'ውን ኣብ ኢምባሲታት ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት 4፡30 ንባንዴራ ብምስቃልን ኣብ ቅድሚ ባንዴራ ቓለ መሓላ ብምፍፃም ከምኡ 'ውን ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ብድሙቕ ኩነታት ተኸቢሩ 'ዩ፡፡ ኣብዚ እዋን ድማ ዝተፈላለዩ ኣካላት መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም 'ዮም፡፡

"ባንዴራ መርኣያ ሕብረት፣ ምልክት መግለፂ ሃገራዊ ፍቕሪን ብሃገራዊ ስምዒትን ዜጋታት 'ዩ" ክብሉ ፕሬዚዳንት ታዬ ኣፅቀስላሴ ገሊፆም 'ዮም። መዓልቲ ባንዴራ ኢትዮጵያ፤«ባንዴራ ንብሄራዊ ሓድነትና፣ ሉእላዊነትናን ብራኽ ኢትዮጵያን» ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ብዝተፈላለዩ መድላዋት ተኸቢሩ 'ዩ፡፡ ኣብቲ እዋን ዝተረኸቡ ፕሬዚዳንት ታዬ፤ ባንዴራ መርኣያ ሕብረት፣ ምልክት መግለፂ ሃገራዊ ፍቕሪን ብሃገራዊ ስምዒትን ዜጋታት 'ዩ ኢሎም። ባንዴራ ናይ መስዋእትነት፣ ናፅነት፣ ሉኡላዊነትን ግዝኣት ሓድነትን ኣርማ 'ውን ከምዝኾነ ብምግላፅ፣ ምልክት ኣርማ ሓድነትና ከምዝኾነ ገሊፆም 'ዮም። ጀጋኑ ኢትዮጵያውያን ደሞምን ዓፅሞምን ገቢሮም፣ መስዋኣትነት ህይወት ከፊሎም ብኽብሪ ሓሊዮም ብኽብሪ ዘረከቡና ኣብ ልብና ተሓቲሙ ዝፀንሐ ናይ ተዓዋትነት ናይ ናፅነት ኣርማና 'ዩ ኢሎም። ኢትዮጵያ ንብዙሓት ኣሽሓት ዓመታት ናፅነታ ሓሊያ ተሓፊራን ተኸቢራን ዝፀንሐት ዓባይ ኣፍሪካዊት ሃገር ከምዝኾነት ገሊፆም 'ዮም።

ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ መግለፂ ፍትሒ፣ ሓድነት፣ ማዕርነትን ሓርበኝነትን 'ዩ ክብሉ ዝገለፁ ድማ ብመዓርግ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ሓላፊ ማእኸል መተሓባበሪ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን ምክትል ፕሬዚዳንት ፓርቲ ብልፅግናን ኣይተ ኣደም ፋራህ 'ዮም። ኣይተ ኣደም ፋራህ ኣብቲ እዋን ከምዝበልዎ፣ ባንዴራ ወሳኒ ሃገራዊ ሉኣላዊነት መተኣኻኸቢ ምልክት 'ዩ። ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ ምልክት ፍትሒ፣ ሓድነት፣ ማዕርነት፣ ንሉኣላዊነት ሃገር ዝኸፈል ሓርበኝነትን መግለፂ ህብረ ብሄራዊ ሓድነትን ከምዝኾነ እዮም ዝገልፁ። ባንዴራ ግቡእ ክብሪ ምሃብ ማለት 'ውን ሓድነትን ሉኣላዊነትን ሃገር ንምሕላው ክቡር ዋጋ ንዝኸፈሉን ሰራዊት ምክልኻል ሃገርን ካልኦት ኣካላት ፀጥታን ከምኡ 'ውን ቀዳሞት ጀጋኑ ሓርበኛታት ምኽባር ከምዝኾነ 'ውን ተዛሪቦም 'ዮም። ምዕባለ ኢትዮጵያ ጋህዲ ንምግባር ዝተግሁ ብርቱዓት ቀላፅም ምኽባር 'ውን ካሊእ ምልክት ሃገር ዝኾነ ባንዴራ ከምዝኾነ ምግላፆም ግዜኢ ፀብፂቡ 'ዩ ፡፡

ኣማኻሪ ላዕለዋይ ኢታማዦር ሹም ሰራዊትን ሓላፊ ኣመራርሓ ሌተናል ጀኔራል ኣለምሸት ደግፌ ባንዴራና ምልክት ጅግንነትና 'ዩ ኢሎም። መበል 17 መዓልቲ ባንዴራ ንብሄራዊ ሓድነትና፣ንልኣላዊነትን ልዕልና ኢትዮጵያን' ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ሓፈሻዊ መምርሒ ሰራዊት ምክልኻል ከምዝተኸበረ ይዝከር። እቲ በዓል ኣብ ቀፅሪ ሓፈሻዊ መምርሒ ሰራዊት ምክልኻል ዝተኸበረ እንትኸውን ላዕለዎት ኣመራርሓን ኣባላትን ሰራዊት ተረኺቦም 'ዮም። ሌተናል ጀኔራል ኣለምሸት ደግፌ ኣብቲ መርሃ ግብሪ ተረኺቦም ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፤ ሰንደቕ ዓላማና ምልክት ጅግንነትና 'ዩ ክብሉ ገሊፆም 'ዮም፡፡ ባንዴራና ኣብ ዝተውለበለበሉ ቦታ ኩሉ ሰላም ኣሎ፣ ነፃነት ኣሎ ክብሉ 'ውን ገሊፆም 'ዮም። እቲ በዓል ንሃገርን ሕገ መንግስትናን ዋርድያ ንምኳን ዳግማይ ቃልና እንሕድሰሉ 'ዩ ክብሉ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም 'ዮም።

ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ኣይተ ኣረጋ ከበደ ብወገኖም ከምዝገለፅዎ፤ ባንዴራ ኢትዮጵያ ንኣፍሪካውያን 'ውን ምልክት ነፃነት ኮይኑ እናገልገለ ይርከብ ብምባል፤ ባንዴራና መግለፂ ሓድነትናን ልኣላዊነትናን፣ ነፃነትን ሕብረትን ህዝብታት 'ዩ ክብሉ 'ውን ተዛሪቦም 'ዮም። ኣርማ መግለፂ ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ስለዝኾነ ቀፃሊ ወለዶ ከኽብሮን ክሕልዎን ከምዝግባእ ሓቢሮም 'ዮም። ህዝቢ እቲ ክልል ንሰንደቕ ዓላማና ክብሪ ምሃብ ኣጠናኺሩ ክቕፅሉ ከምዘለዎ ብምሕባር፤ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ኮይኑ ዘላቒ ሰላም ንምርግጋፅን ልምዓት ንምቅልጣፍን እጃሙ ክዋፃእ ከምዝግባእ 'ዮም ዘረድኡ።

ፕሬዝደንት ማሕበር ሃረበኛታት ጥንታዊት ኢትዮጵያ ጀጋኑ ልጅ ዳንኤል ጆቴ ብወገኖም፤ ኩርዓት ህዝብን ሃገርን ዝኾነ ባንዴራ ምንነት ንወለዶ ብምርዳእ ታሪኽ ምቕፃል ይግባእ ክብሉ ገሊፆም 'ዮም፡፡ ባንዴራ ኽብሪ ዘለዎ፤ ምንነት ሃገርን ህዝብን ዝገልፅ 'ዩ፡፡ ጀጋኑ ሓርበኛታት ኣብ ሃገር ዝፍጠሩ መጥቃዕቲ ብምክልካል ኽብራ ብምሕላው ብኹናት ዝዋደቑላ እቲ ሓደን ቀንድን ምልክቶም ሰንደቕ ዓላማ ከምዝኾነ ገሊፆም 'ዮም፡፡ ንመናእሰይ ዋጋ ስለዝተኸፈለሉ ሰንደቕ ዓላማ ምንነት ፤ እቲ ባዓል ከመይ ክኽበር ከምዘለዎ ፣ከምኡ 'ውን ስለ ሃገርና ባህሊ ፣ ታሪኽን እምነትን ካብ ቤት ትምህርቲ ጀሚሩ ምፍላጥ እንድሕር ተኻኢሉ ክብሪ ባንዴራ ብዝበለፀ ዝገለፅ 'ዩ፡

መዓልቲ ባንዴራ ምኽባር ልዕልነትን፤ ንሃገር ኽብሪ ምሃብ 'ዩ፡፡ ቅድም ኣብ ዝበሉ እዋናት ናይ ማይጨውን ካልኦት ኹናት እንትካየዱ ባንዴራ ተታሒዙ 'ዩ፡፡ ዓወት እንትርከብ ድማ ባንዴራ ልዕል ኣቢልካ ይምብልበል 'ዩ፡፡ ዝኽበረሉ ዋና ምኽንያት ኣቦታትን ኣዴታትን ሰንደቅ ዓላማ ሃገርናን ህዝብናን ይውክል 'ዩ ብዝብል ዋጋ ስለዝተኸፈለሉ፣ደሞም ስለዘፍሰስሉ፣ኣዕፅምቶም ስለዝከስከስሉ፣ ማስዋእትነት ህይወት 'ውን ስለዝኸፈልሉ 'ዩ ይብሉ፡፡

ባንዴራና ደም ዝፈሰሰሉን መስዋእቲ ህይወት ዝተኸፈለሉ ብምኳኑ ንወለዶ ብኣግባቡ ንክፈልጦ ምግባር ይግባእ፡፡ ወለዲ ደቆም እንተዕብዩ ክብሪ ባንዴራ፣ባህልን ታሪኽን ሃገር፣ ናይ ቀፃሊ ኣንፈት እናረድኡ ክኾን ከምዘለዎ ተዛሪቦም 'ዮም፡፡ ሚድያታት ሰላም ዘሰብኩ፣ ባህልን ታሪኽን ሃገር ዘንፀባርቑን እቲ ሓቂ ብግኣባቡ ንሕብረተሰብ ዘብፅሑ ብምኳኑ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ይግባእ፡፡ ቅድም ኣብ ዝበሉ ግዝያተ ክብሪ ባንዴራ ናይ ህዝቢ ብምኳኑ እንትስቀልን እንትወርድን ካብ ህዝቢ ሓሊፉ ንጉስ ነገስታት ኣብ መንገዲ እንተሃልዮም ጠጠው 'ዮም ዝብሉ ነይሮም፡፡ ኸዚ 'ውን እዚ ክቕፅል ኣለዎ ክብሉ ይመኽሩ፡፡


> "ባንዴራ መርኣያ ሕብረት፣ ምልክት መግለፂ ሃገራዊ ፍቕሪን ብሃገራዊ ስምዒትን ዜጋታት 'ዩ"

ምስ እዚ ተተሓሒዙ ኣገልግሎት ኮሚኒኬሽን መንግስቲ መበል 17 መዓልቲ ባንዴራ ምኽንያት ብምግባር መግለፂ ሰናይ ትምኒት ኣመሓላሊፉ 'ዩ። እቲ ኣገልግሎት ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፤ መዓልቲ ባንዴራ ኣብዚ ዕለት ኣብ ቅድሚ ባንዴራ ደው ኢልና እንትነኽብር ዘለዎ ትርጉምን ክብሪን ብኣግባቡ ብምርዳእ 'ዩ ይብል። ባንዴራና ናይ ህብረ ብሄራዊ ሓድነትና ሓበራዊ ዕላማ 'ዩ ብምባል፣ ባንዴራና ምልክት፣ ሓወልቲ ጥንካረ፣ ዓርማ ዓወትና፣ መግለፂ ሉእላዊነትናን ዋሕስ ህብረ ብሄራዊ ሓድነትናን ምኳኑ ብኣግባቡ ብምግንዛብ ግቡእ ክብሪን ፍቕሪን ምሃብ ይግባእ ክብል ይገልፅ። ሰንደቕ ዓላማ ንኢትዮጵያዊያን ዘለዎ ትርጉም ረቂቕን ዋግኡ 'ውን ዝለዓለን 'ዩ ዝበለ እቲ ኣገልግሎት ኢትዮጵያዊያን ኣብ ኩሎም ኩርናዓት ዓለም ሒዘምዎ ዝጓዓዙ ዝለዓለ ስንቅን ዕጥቅን ኣብ ልቦም ዝተስኣለ ክብሪን ፍቕርን ባንዴራ 'ዩ ክብል ገሊፁ 'ዩ። ጅግና ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ሰንደቕ ዓላምኡ ከይትድፈርን ልኡላዊነት ሃገሩ ኣብ ሓደጋ ከይወድቕን ኣብ ዓውደ ኩናት ደሙን ዓፅሙን ከይሰሰዐ ዝህቡ ንክብሪ ባንዴራ ከምዝኾነ የገንዝብ። ብደምን ዓፅምን ተሓሊዩ ዝፀንሐ ክብሪን ሉእላውነትን ባንዴራና በዝበለፀ ምፅናዕ ዝከኣል ኣብ ዝተዋፈርናሉ ዓውደ ስራሕ ስራሕና ብቅንዕና እንትንፍፅም፣ ሉእላውነት ምግብና ንምርግጋፅ እንትንፅዕር፣ ሰርቅን ግዕዙይ ኣሰራርሓን ብስምዒት ሓርበኝነት ሃገር እንትንቃለስ፣ ሰላምና እንትነፅንዕ ብሓባር ተናቢብና ምንባር እንትንክእል ከምዝኾነ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ 'ዩ።

መበል 17 መዓልቲ ባንዴራ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ዝርከባ ኤምባሲታትን ኣቢያተ ፅሕፈት ቆንስላን ኢትዮጵያ 'ውን ተኸቢሩ 'ዩ። እቲ ዕለት ኣብ ኤምባሲታት ኢትዮጵያ ኣብ ጣልያን፣ ጅቡቲ፣ ኬንያ፣ ህንዲን ካልኦት ሃገራትን ብዝተፈላለዩ ኩነታት ተኸቢሩ 'ዩ፡፡

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ኣብ ከተማና ከተማ ኣክሱም ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ተስፋ ዘለዎ ናይ ቱሪዝም ምንቅቓሕ እናተረኣየ 'ዩ››



*-ኣይተ ገብረመድህን ፍፁምብርሃን፣ ሓላፊ ባህልን ቱሪዝም ከተማ ኣክሱም*

መኣርግ ገ/ሄር

ኣክሱም ብርክት ዝበሉ ቅርስታት ሒዛ እትርከብ ጥንታዊት ከተማ ኮይና ማእኸል ቱሪዘም 'ያ:: ጥንታውያን ሓወልትታት፣ ብናይ ኳዕቲ ኣርኬሉጂ ዝተረኽቡ ቅርስታትን ካልኦት ብርክት ብርክት ዝበሉ ሓድግታትን ዝርከቡ እንትኾኑ ናይታ ከተማ ናይ ጥንቲ ስልጣነኣ ዝገልፁ 'ዮም። ኣብቲ እዋን እታ ከተማ ማእከል ስልጣነን እምነትን ዝነበረት ከተማ 'ያ:: ብፍላይ ካብ ገዘፍቲ ኣእማን ብዝተቐረፁ ሓወልቲታትን ናይ ቀደም ነገስታት መካነ መቓብርን ብበዝሒ ሒዛ ትርከብ:: ብፍላይ ካብቶም ሓወልቲታት 33 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎን ሕዚ ወዲቑ ዝርከብ ሓወልቲ እቲ ዝነውሐ እንትኸውን፣ እቲ 24 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ሓወልቲ ሕዚ 'ውን ኣብቲ ናይ ጥንታዊ ቦትኡ ጠጠው ኢሉ ይርከብ:: ካሊእ ከም ኣቿፃፅራ ፈረንጂ 1937 ዓ.ም ናብ ሮም ጣልያን ተወሲዱ ዝነበረ 27 ሜትሮ ዝንውሓቱ ኣብ ሰለስተ ቦታ ተቖሪፁ ናብ ቦትኡ ተመሊሱ ጠጠው ኢሉ ዝርከብ ኮይኑ ካልኦት ብርክብ ዝበሉ ሓወልቲታት 'ውን ገሊኦም ጠጠው ኢሎም ገሊኦም ድማ ወዲቖም ኣብ ተፈላላዩ ቦታታት እታ ከተማ ይርከቡ:: እቶም ሓወልታት እታ ከተማ ኣብቲ እዋን በዒሓቶ ዝነበረት ናይ ዕቤት ደረጃ ዘርእዩ ኮይኖም፣ ብዘለዎም ታሪኻዊ እሴታት ናይ ዓለም ቅርሲ ኮይኖም ተመዝጊቦም ፍልፍል እቶት ናይ ቱሪዝም ኮይኖም እናገልገሉ ይርከቡ:: ኮይኑ ግና ኣብ 2013 ዓ.ም ብዘጋጠመ ኩናት ምንቅስቓስ ኩነታት ቱሪዝም እታ ከተማ ተዛሓሒሉ ፀኒሑ ሕዚ ብዝተረኽበ ኣንፃራዊ ሰላም ናይ ደገን ውሽጥን ቱሪስትታት ምጉብናይ ጀሚሮም ይርከቡ:: ብሓፈሻ ኣብዚ ዓመት እዚ ኩነታት ቱሪዝም እታ ከተማ እንታይ ከምዝመስልን ካልኦት ተተሓሓዝቲ ገዳያትን ብምድሃብ ምስ ሓላፊ ባህልን ቱሪዝምን እታ ከተማ ኣይተ ገብረመድህን ፍፁምብርሃን ከምዝስዕብ ፃኒሕት ገይርና ኣለና:: ሰናይ ንባብ::

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ሕዚ እዋን ኩነታት ቱሪዝም ከተማ ኣክሱም እንታይ ይመስል? ብፍላይ ብሓፂሩ ካብ ዝሓለፈ በጀት ዓመት ንምብጋስ ዝኣክል፣ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንታይ ይመስሉ ነይሮም?**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ኣብ ትግራይ ድሕሪ ሰላም ዋላ ክንድ እቲ ዝድለ ኣይኹን ናይ ቱሪዝም ምንቕቓሕ ተራእዩ 'ዩ፤ ብፍላይ ንምንቕቓሕ ቱሪዝም ዓብዪ ማህንቖ ኮይኑ ዝነበረ መዕርፎ ነፈርቲ ኣክሱም ተስተኻኺሉ ናብ ስራሕ ምስኣተወ ንምንቕስቓስ ቱሪዝም ንምድጋፍ ከም ሓደ ዓብዪ ውፅኢት ተገይሩ ዝውሰድ 'ዩ:: ስለዚ ከምዚኦም ዝበሉ ዓበይቲ ስራሕቲ ብምስረሖም ፅቡቕ ድጋፍ እናወሃቡና 'ዮም::

ሓድግታትና በቲ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩናት ተጎዲኦም ስለ ዝፀንሑ እንተነኣሰ ናይ ፅሬትን ካልኦትን ብውስን ዓቕሚ በጀት ክስርሑ ዝኽእሉ ምስ ናይ ፈደራል በዓል መዚ ሓለዋ ቕርሲ ብምትሕግጋዝ እናተሰርሑ መፂኦም 'ዮም:: ንቱሪዝም ዕቤት ዘለዎም ሓድግታት ብዝተፈጠረ ሰላም መሰረት ማለት እቲ ሰላም ሙሉእ ዋላ ኣይኹን ብዝሓሸ መንገዲ እቶም ሓድግታት ናብ ንቡር ከንምልሶም ዝኽኣልናሉ መንገዲ ተፈጢሩ 'ዩ:: ምስ ፌዴራል 'ውን ፅቡቕ ርክብ ዝፈጠርናሉን ብኡ መሰረት ተሓጋጊዝና ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሕና ኢና:: ብፍላይ መንግስቲ ብዝገበረልና ሓገዝ ሓድግታትና ብዝተኽኣለ መጠን በፂሕዎም ዝነበረ ጉድኣትን ካልኦት ፀገማትን ንቱሪስትታት ዘማቻቸውናሉ ዓመት 'ዩ ነይሩ:: እዚኦም ጥንካረ ናይዝሓለፈ ዓመት 2016 'ዩ 'ሩ::

ከም ድኽመታት ክግለፁ ዝኽእሉ መዕርፎ ነፈርቲ ኣክሱም ኣብ ከባቢ መወዳእቲ 2016 ዓ.ም 'ዩ ፅገንኡ ወዲኡ ንቱሪስትታት ክፍቲ ኮይኑ:: እቲ መዕርፎ ነፈርቲ ቕድሚ ምዝዛሙ እቶም ቱሪዝትታት ቐጥታ ክመፁ ስለዘይኽእሉ ናይ ብዓሉ ፅገም ነይርዎ 'ዩ፤ ክመፁ ዝኽእሉ ብመቐለ ወይ ብሽረ ገይሮም 'ዮም ነይሩ፤ ብቐጥታ እንተዘይኮይኑ ከንኸይድ ኣይንኽእልን ብምባል ንምምፃእ ኣይመርፅዎን ነይሮም:: ምኽንያቱ ብማኪና ሓርጎፅጎፅ እናበልካ ምኻድ ኣፀጋሚ ስለዝኾነ:: እዚ ናይ በዓሉ ፅልዋ ኔርዎ፤ በቲ ዝተለምናዮ በዝሒ ቱሪስትታት መሰረት ክመፁና ኣይኽኣሉን:: በቲ ዝተለምናዮ ቑፅሪ ጎብነይቲ ክንረክብ ዘይኽኣልናሉ ኩነታት 'ዩ ነይሩ:: ስለዚ ዓብዩ ፅልዋ ነይርዎ 'ዩ::

ካሊእ ሕዚ እዚ ኸባቢ ናይ ሰላም ማእኸል 'ዩ ኮይኑ ዘሎ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣክሱምን ከባቢኣን ቖሊል ብዘይበሃል፣ ኢኮኖሚኡ ምስ ቕርሲ ወይ ቱሪዝም ተኣሳሲሩ ስለ ዝኾነ እቲ ማሕበረሰብ ነታ ሰላም ብዝግባእ 'ዩ ዝሕልዋ ዘሎ:: ዝኾነ ዓይነት ናይ ሰላም ፀገም የለን:: ኮይኑ ግና ኣብ ኣክሱም ወይ ድማ ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ሰላም ከምዘየለ ዝዝረቡ ነገራት ኣለዉ፤ ካብ ሓቂ ዝረሓቑ ሓበሬታታት ንቱሪስት ምሃብ ይረአ 'ዩ፤ እዚ ድማ ሓላፍነት ዝጎደሎ ተግባር 'ዩ:: እዚ ምስሊ ሃገር ንምብልሻውን ብፍላይ ድማ ቱሪስትታት ናብ ኣክሱም መፂኦም ከይጉብንዩ ዝግበር ሽርሒ 'ዩ:: እዚ ክስተኻኸል ኣለዎ:: ከምዚ ዓይነት ምስሊ ካብ ሓቒ ዝረሓቀን ኮነ ኢልካ ነታ ሃገር ዘይኮነ ምስሊ ንምሃብ ስለዝኾ ብፍላይ ሰብ ምድያ ከንዋገኦ ይግባእና:: ካሊእ ምስ በዓል መዚ ሓለዋ ቕርሲ ዘለና ርክብ ፅቡቕ ኮይኑ ኣብቲ እዋን ኩናት ቅርስታት ዝበፅሖም ጉድኣታት ኣብ ምቅራፍ ሕዚ 'ውን ብዙሕ መንገዲታት 'ዩ ዝሓትት ኮይኑ ግና ኣብዚ ኩነታት እዚ ብትልምና መሰረት ዘይሰራሕናዮም ስራሕቲ ስለዘለዉ ብዝተለምናዮ ትልሚ መሰረት ቱሪስትታት ክመፁና ኣይኽኣሉን::

**ንምንቕቓሕ ቱሪዝም ዓብዪ ማህንቖ ኮይኑ ዝነበረ መዕርፎ ነፈርቲ ኣክሱም ተስተኻኺሉ ናብ ስራሕ ምስኣተወ ንምንቕስቓስ ቱሪዝም ንምድጋፍ ከም ሓደ ዓብዪ ውፅኢት ተገይሩ ዝውሰድ 'ዩ**

**ወጋሕታ፡- ኣብ 2017 ዓ.ም ኩነታት ቱሪዝም እንታይ ይመስል ኣብዚ በጀት ዓመት ንምስራሕ ዝተተለመ ትልሚ ኸ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ኣብ ናይ 2017 በጀት ዓመት ካብ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓሸ ስራሕ ንምስራሕ ትልሚ ሒዝና እናሰራሕና ንርከብ:: ኣብዝሓለፈ ዓመት ዝነበሩ ድኽመታት ብምውጋድ ዝነበሩ ጥንካረታት ድማ ተጠናኺሮም ንምቕፃል እናሰራሕና ንርከብ:: ብፍላይ ሳላምን ቱሪዝምን ዝተተሓሓዘ ስለዝኾነ እቲ ዝተረኽበ ሰላም ሙሉእ ክኸውን ጎኒ ንጎኒ ዝከኣለና ግደ እናተፃወትና ኣብ ቱሪዝም ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝሓሸ ስራሕ ንምስራሕ እናተንቐሳቀስና ንርከብ:: ሰላም እንተልዩ ቱሪስት ይመፅእ፤ ሰላም ተዘይሃልዩ ግና ቱሪስት ክመፅእ ኣይኽእልን:: ምኽንያቱ ክልቲኦም ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፅ 'ዮም:: ዝነፃፀሉ ጉዳያት ኣይኮኑን:: ስለዚ ሰላም ብጣዕሚ ወሳኒ ምዃኑ ንማንም ዝጠፍኦ ኣይመስለንን::

ቅድሚ ኩናት ምግጣሙ ማለት ክሳብ ክልተሽሕን ዓሰርተ ሓደን ከምኡ 'ውን ክልተ ሽሕን ዓሰርተ ክልተን ብዙሕ ቱሪስትታት እናመፁ ነይሮም 'ዮም:: ድሕሪኡ ግና ዳርጋ ናብ ዜሮ 'ዩ ተመሊሱ:: ብፍላይ ናይ ደገ ቱሪስትታት:: ስለዚ እዚ ናብቲ ዝሓሸ ደረጃ ማለት ቱሪስትታት ዝመፅሉ ዝነበሩ እዋን ንምምላስ 'ዩ ዝስራሕ ዘሎ:: ሕዚ 'ውን ኣብ ውሽጥና ዘሎ ናይ ፖለቲካ ሃዋህው ኣብ ምንቕስቓስ ቱሪዝም ናይ በዓሉ ኣሉታዊ ፅልዋ እናሕደረ 'ዩ:: እዚ ክኸውን ዘይግበኦ ዝነበረ 'ዩ:: እዚ ጥራሕ ኣይኮነን ብሓፈሻ ዋላ ኣብ ተፈላላዩ ሃገራት ዘሎ ኩናት ናይ በዓሉ ፅልዋ ኣለዎ 'ዩ::

ብሓፈሻ ሰላም እንተኾይኑ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ማለት ኣብ ሙሉእ ዓመት ናብ ከባቢ 5ሽሕ ዝኸውን ናይ ደገ በፃሕቲ ዓዲ ንምስሓብ ተሊምና እናሰራሕና ንርከብ:: ከምኡ 'ውን ናብ ከባቢ 1ነጥቢ 5 ሚልዮን ዝኸውን ናይ ውሽጢ ዓዲ ቱሪስትታት ተሊምና እናሰራሕና ንርከብ:: በዚ መሰረት እቲ ናይ ውሽጢ ዓዲ ተፈላላዩ በዓላት 'ውን ስለዘለዉና ብዙሕ ቱሪስትታት እናመፀና 'ዩ:: ከምኡ 'ውን ዲያስፖራ ኢትዮጵያውያን እንተይቀረዩ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝበለፀ እናመፁና 'ዮም:: ሕዚ እቲ ናይ ሰላም ኩነታት ኣብዝሓሸ ደረጃ ስለዘሎ እቲ ናይ ውሽጢ ዓዲ ቱሪስት ይመፅእ ኣሎ 'ዩ:: ብዙሕ ዲያስፖራ 'ውን መፂኡና 'ዩ:: ብፍላይ ምስቲ ኣሸንዳን ዓይኒ ዋርን ተኣሳሲሩ ብርክት ዝበሉ ቱሪስትታት መፂኦምና 'ዮም:: ምስ መስቀል ተኣሳሲሩ 'ውን ብዙሕ ናይ ውሽጢ ዓዲ ቱሪስት መፂኡና 'ዩ:: ቐፂሉ 'ውን ሕዳርፅዮን ስለ ዘሎ ብርክት ዝበለ ቱሪስትታት ክመፁና ይኽእል 'ዩ ኢልና ትፅቢት ንገብር::

ብፍላይ ቅድሚ ሕዚ ምስቲ ኩናት ተተሓሒዙ ንምምፃእ ዕድል ረኺቡ ዘይነበረ ሎሚ ዘበን ብርክት ዝበለ ጋሻ ክመፅእ 'ዩ ዝብል ትፅቢት ኣሎ:: ስለዚ ኣብዚኦም ኩሎም ደማሚርካ ዝመፅእ 'ዩ እቲ በዝሒ ቱሪስት ዝኸውን ዘሎ:: እቲ ሰላም ከም ሃገር ኢሉ 'ውን ከም ክልል ዋላ ሙሉእ ኣይኹን ብኣንፃራዊ ኣብ ደሓን ኩነታት ስለዘሎ ተስፋ ዝህብ ናይ ምንቕቓሕ ቱሪዝም ኣሎ:: ናይ ወፃእተኛ በዝሒ ቱሪስትታት ብፌስቡክን ካልኦት ማሕበራዊ ሚድያታትን ዘተኣማምን ሰላም ከምዘየለ ክሰምዑ ይኽእሉ 'ዮም:: ኮይኑ ግና ኣብ ከባቢና ምንም ዓይነት ዘስግእ ናይ ሰላም ኩነታት የለን:: ምስ ሰላምን ፀጥታን 'ውን ብሓባር እናሰራሕና ኢና፤ ምኽንያቱ ሰላም እንድሕርዘይሃልዩ ኩሉ ተፀላዋይ 'ዩ:: ስለዚ ናይ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ናይ ደገ ቱሪስትታት ናይ ሰላም ኩነታት ፀገም ከምዘየለ ክርዱእልና ንደሊ:: ዝኾነ ኣካል 'ውን ሰላም ከምዘየለ ኣምሲሉ ብማሕበራዊ ሚድያ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ከሳራጩ የብሉን:: ኩሉ ነገር መንግስቲ ስለዝፈልጦ ሰላም ተዘይሃልዩ 'ውን መንግስቲ 'ዩ በዓሉ ክገልፅ ዝግበኦ:: ቱሪስትታት 'ውን ካብ መንግስቲ ብዝወፁ ሓበሬታ 'ዮም ክሰምዑ ዘለዎም::

ቱሪስት ብፍላይ ናይ ደገ ምስቲ ዝነበረ ናይ ኩናት ኩነታት ሕዚ ሰላም ከምዘሎ ስለዘይፀረየሉ ናይ ወፃእተኛ ጎንብናዩ ክሳብ ሕዚ ኣብዚ ናይ መጀመርያ ርብዒ ዓመት 2017 ዓ.ም ናብ ከባቢ 340 ዝኸውን 'ዩ ኣትዩና ዘሎ:: እዚ ብጣዕሚ ንእሹተይ ቑፅሪ 'ዩ:: ናይ ውሽጢ ዓዲ ድማ ልዕሊ 100ሽሕ 'ዩ:: ኮይኑ ግና እቲ ኩነታ ሰላም እናተማሕየሸ እንተኸይዱ ኣብ ከም ህዳርፅዮን ብርክት ዝበለ ጋሻ ክመፅእ ይኽእል 'ዩ ኢልና ንሓስብ:: ምኽንያቱ ብማሕበራዊ ሚድያ ዝንዛሕ ወረ ንኸይመፁ ጥርጣረ እናፈጠረሎም ስለዝኾነ 'ዩ::

**ወጋሕታ፡-ኣብዚ ዙርያ እዚ ክቀሪ ዘይግበኦ ሓሳብ ወይ መልእኽቲ እንተሃልዩ፤**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ንሕና ዋላ ናይቲ ሓድጊ ዋርድያ ንኹን እምበር፤ እዚ ሓድጊ እዚ ብዩኔስኮ ዝተመዝገበ ሓድጊ ከም ምዃኑ መጠን ናይ ኣክሱም ሓድጊ ጥራሕ ኣይኮነን፤ ናይ ዓለም ሓድጊ 'ውን 'ዩ:: እዞም ናይ ዓለም ሓድጊታት ዝኾኑ እዚኦም ግና ብተፈላላዩ ተፈጥሮኣውን ሰብስራሕን ኣብ ሓደጋ 'ዮም ዘለዉ:: ስለዚ እዚ ኩሉ ክቑርቖረሉ ይግባእ::

ንኣብነት ሓወልቲ ኣክሱም ንበዓሉ ኣብ ፀገም ኣሎ ካብ ንብል ከባቢ 5ዓመት ገይርና ኣለና:: ሕዚ ብተወሳኺ ኣብቲ እግሩ ዘሎ መካነ መቓብር ናብ ምድርማስ ገፁ 'ዩ ዝኸይድ ዘሎ:: ንሱ ተደርሚሱ ፀገም ገጢምዎ ማለት ዳርጋ እቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነህቡ ሓወልቲታት ከቢድ ዝኾነ ሓደጋ ክፈጥረሎም ዝኽእል 'ዩ:: እቲ ዘሎ ኩነታት ፅቡቕ ኣተንሸን የድልዮ 'ዩ:: ናይ ክልል፣ ናይ ፌዴራል ከምኡ 'ውን ናይ ዓለም ትኹረት የድልዮ 'ዩ:: ኮይኑ ግና ግቡእ ትኹረት ኣይረኸበን ዘሎ:: እቲ ክልል እኳ የምናልባሽ ናይ ባጀት ሕፅረት ክኸውን ይኽእል 'ዩ::

እቲ ቅርሲ ናይ ዓለም 'ዩ፤ ብቀረባ ናይቲ ቅርሲ ተወካሊ ዘለኹ ድማ ኣነ እየ ኢሉ በዓል መዚ ሓለዋ ቅርሲ ኢትዮጵያ ትኹረት ሂቡ ነዞም ሓድግታት ካብ ሓደጋ ከድሕኖምን ክዋሓሶምን ይግባእ ዝብል መልእኽቲ ክነመሓላልፍ ንደሊ:: ብተመሳሳሊ መንገዲ መንግስቲ ጣልያን ክሰርሖ 'ዩ ተባሂሉ ቅድሚ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዓመት ኣትሒዙ መሳርሒ ሒዙ መፂኡ ነይሩ፤ ሕዚ እቶም መሳሪሒታት ኣብ ኮንተይነራት ኣለዉ ተቐሚጦም፤ ካብኡ ብሃገር

‹‹ኣብ ከተማና ከተማ ኣክሱም ድሕሪ...ገፅ 6

# ‹‹ኣብ ከተማና ከተማ ኣክሱም ድሕሪ...

ደረጃ ናይ መንግስቲ ለውጢ ምስመፀ ኢሉ 'ውን ኩናት ምስ ኣጋጠመ ብፍላይ ናይ መሓር ናይ ሰባት ምቕይያራት ምስ ኣጋጠመ ከምዘለዎ 'ዩ ደው ኢሉ። ሕዚ ዝኾነ ዓይነት ሓበሬታ የለን፤ ሕዚ እዚ ከም በሓዱሽ ኢና ንጅምሮ ዘለና። እቲ ዝመፀ ማተርያል ስኽኢሉ ካብ ዝቐመጥን ዝባላሸውን ኣብ ጥቅሚ ክውዕል ኣለዎ። ቐልጢፉ ናብ ተግባር ክኣቱ ኣለዎ ዝብል መልእኽቲ ከመሓላልፍ ይደሊ። መንግስቲ ጣልያን 'ውን ከምቲ ዝጀመሮ ንኽምለኦ መንግስቲ ክደፍኣሉ ኣለዎ።

ካሊእ ኣብ መወዳእቲ ክሕልፎ ዝደሊ መልእኽቲ ግና ህዝቢ ኣክሱምን ከባቢኡን ካብ እቶት ቱሪዝም ተጠቓሚ ስለዝኾነ ኣብ ኣቐባብላ ጋሻ ወይ ቱሪስትታት ከምቲ ልሙድ ክኸውን ኣለዎ። ህዝቢ ኣክሱም ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ተቐባሊ ጋሻ 'ዩ። ቱሪስት ሰላም ተዘይሃልዩ ክመፅእ ስለዘይኽእል እቲ ህዝቢ ሰላምን ፀጥታን ኣብ ምሕላው 'ውን ትኹረት ገይሩ ክሰርሕ ኣለዎ። ከምዝፍለጥ ብጣዕሚ ብዝተፈለየ መንገዲ 'ዩ ጋሻ ናብዚ ከባቢ ዝመፅእ። ስለዚ ከምቲ ቅድም ዝበልክዎ ጋሻ ተቀቢልካ ኣብ ምትእንጋድ ክንዲ ዝተኽኣለ መጠን ዝነኣድ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ጋሻ ብመስተንግዶ ዓጊቡ ኣመስጊኑ ብሰላም ናብ ዓዱ ክምለስ ኣለዎ። ስለዚ ክሳብ ሕዚ ዘተኣማምን ሰላም ብምህላዉ ዝመፀ ቱሪስት ከይሰግአ ዋላ በይኑ ከምድሌቱ ተዘዋዊሩ ዘድልዮ ሰርቪስ ረኺቡ 'ዩ ዝምለስ ዘሎ። እዚ ኣነ ዝብሎ ጥራሕ ዘይኮነስ መፂኦም ዝተመለሱ ቱሪስትታት 'ውን ዝምስክርዎ 'ዩ። ናብ ኣዲስ ኣበባ ክንኣቱ እንተለና እንረኽቦ ሓበሬታ ከምዚ ኣይኮነን፤ ብዙሕ ሰላም የለን፤ ተጠንቐቑኹም ኪዱ ኢና ንበሃል 'ዮም ዝብሉ። ከንመፅእ እንተለና 'ውን ዝተወሰነ ስግኣት ነይሩና 'ዩ። ኣብዚ ብተግባር መፂና ዝረኣናዮ ግና ፍፁል ዝተፈለየን እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኮይኑ ኢና ረኺብናዮ፤ እዚ ቦታ ኣዝዩ ሰላም 'ዩ ዝኒህ፤ ከምዚ ኣይተፀበናዮን ነይርና 'ዮም ዝብሉና። እንተይፈራሕኻ በይንኻ እትኸደሉ ከባቢ ኢና ሪኢና፤ የቕንየልና 'ዮም ዝብሉና፤ ብኽምዚ ቐፀልሉ እናበሉ 'ዮም ዝምለሱ፤ ሚድያታት ድማ ፍፁም ሰላም ከምዝኾ ክተሕልፉልና ንደሊ። ብፍላይ ሕዚ ብዙሓት ቱር ኦፕሬተራት ይመፁ ኣለዉ 'ዮም። ቅድሚ ኣጋይሽ ሒዞም ምምፀኦም ቾክ ንምግባር እቶም ቱር ኦፕሬተራት በይኖም ይመፁ 'ዮም። እንትመፁ ካብቲ ዝተፀበይዎ ዝተፈለየ ኮይኑ 'ዮም ዝረኽብዎ። ካብኡ ደሓረ ተመሊሶም ይኸዱ እሞ ብዙሓት ቱሪስትታት ሒዞም ይመፁ። ስለዚ ኣብዚ ሕዚ እዋን ፅቡቕ ናይ ሰላም ኩነታት 'ዩ ዘሎ። ሚድያታት ድማ እቲ ዘሎ ሓቂ ፍፁም ሰላም ከምዝኾነ ከትሕግዙና ይግባእ።

**ወጋሕታ፡- እቲ ሓወልቲ ብመንግስቲ ጣልያን ክፅገን ተባሂሉ ዝነበረ ኮይኑ ክሳብ ሕዚ ዘይተፀገነሉ ምኽንያት ከምቲ ቀድም ዝገለፅዎ ኮይኑ ተወሳኺ ሓሳብ ተልዩ ኣስፍሕ ኣቢሎም ተዘብርሁስይ፧**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** እሺ ብበዝሒ ቅድም ኢለ ገሊፀዮ 'የ፤ ካብ 2010 ጀሚሩ ክሳብ 2012 ዓ.ም ዝነበረ ብጣዕሚ ፅቡቕ ናይ ባጀት ምትእልላሽ፣ ናይ ዓለም ለኸ ዝኾኑ ዓቕምታት ናይ ምትእኽኻብ ስራሕቲ ይስራሕ ፀኒሑ ነይሩ 'ዩ። ኣብቲ ሰለስተ ዓመት ዝተሰርሐ ምርድዳእ ተፈጢሩ ባጀት 'ውን ተበጂትዎ፣ ቴክኒካል ቲም ናብ ስራሕ ይእቶ ተባሂሉ ዘድልዮ ማተርያል ኣጓዓዒዙ ስራሕ ጀምር ተባሂሉ ተወዲኡ፣ ከባቢ 2012 ዓ.ም ጉንበት ከባቢ ኣቑሑት ካብ ጣልያን ተፃዒኑ መፂኡ፤እቲ ኣቑሒት ድማ ኣብቲ እግሪ ሓወልቲ ተቐሚጡ፤ ስሚንቶ ካብ መሰቦ ናብ ኣክሱም ከምፅኡ እናሓሰቡ እናሃለዉ፣ ሓይሊ ሰብ ቐፂሮም ናብ ስራሕ ክእቶ ምስተኣተወ እቲ ናይ ኮረና ሕማም ምስ ኣጋጠመ ከንምፅእ ኢና ገለመለ እናበሉ ብምኽንያት ስግኣት ኮረና ኣይመፁን። እቲ ኣቑሑት ግና ተላኢኹ ክሳብ ሕዚ ስኽ ኢሉ እኒሀ።

ድሕሪኡ ድማ ከንመፅእ ኢና እናበሉ እናሃለዉ እቲ ኩናት ኣጋጢሙ ከምዚ ኢሉ ፀኒሑ 'ዩ። ሕዚ 'ውን መዓዘ ከምዝጅመር ብዙሕ ጭቡጥ ሓበሬታ የለን፤ ኮይኑ ግና ከንሰርሖ ኢና ዝብል ብናይ ጣልያን ሚድያታት ወረ ከምዘሎ ይዝረብ 'ዩ። ኮይኑ ግና ጥሉል ኣይኮነን። ናይ ጣልያን ኣምባሳዶር ኣብዚ መፂኡ 'ውን ከንሰርሖ ኢና፤ ባጀት ከንብጅት ኢና ዝብል ሓሳብ ነጊሩና ነይሩ። ኮይኑ ግና ክሳብ ሕዚ ናብ ተግባር ኣይተቐየረን ዘሎ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት የቕንየልና።**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ኣነ 'ውን ሓሰበይ ንምግላፅ ስለዝጋበዝኩምኒ የቕንየለይ።

# ሰላም- ዋሕዝተ በፃሕተ ዓዲ...

ምርግጋዕን እንተዘሃልዩ ቱሪስትታት ድሕንነት ተሰሚዕዎም ነዊሕ ፃኒሕት ኣይገብሩን ጥራሕ እንተይኮነስ ክመፁ ኣይኽእሉን። በዞም ምኽንያታት እዚኦም ድማ ክኢላታት እቲ ዓውዲ ሰላም ንቱሪዝም፣ ቱሪዝም 'ውን ንሰላም ዘይትካእ ግደ ከምዘለዎ ይዛረቡ።

ኣብ ሃገርና ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ኣብቲ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ንኽባቢ ልዕሊ ክልተ ዓመት ዝፀንሐ ኩናት ምንቕስቓስ ቱሪዝም ኣዝዩ ተጎዲኡ ፀኒሑ 'ዩ። ኮይኑ ግና ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ብዝተረኽበ ኣንፃራዊ ሰላም ኩነታት ቱሪዝም ብዝተወሰነ መልክዑ ምንቕስቓስ ጀሚሩ ይርከብ። ምስ እዚ ተተሓሒዙ ኣብታ መእኸል መስሕብ ቱሪዘም ዝኾነት ትግራይ ብፍላይ ድማ ከተማ ኣክሱም ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘሎ ኩነታት ምንቕስቓስ ብፍላይ ምስ ሰላም ተተሓሒዙ እንታይ ከምዝመስል ሓበሬታ ንምርካብ ሓላፊ ባህልን ቱሪዝም እታ ከተማ ኣዛራሪብናዮም ኣለና።

ኣይተ ገብረመድህን ፍፁምብርሃን ሓላፊ ባህልን ቱሪዝምን ከተማ ኣክሱም 'ዮም። እቶም ሓላፊ ኣብ ሓፈሻዊ ኩነታት ምንቕስቃስ ቱሪም እታ ከተማ እንታይ ከምዝመስል ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብዝሓተቶም መሰረት ገይሮም ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ናይ 2017 በጀት ዓመት ካብ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓሸ ስራሕ ንምስራሕ ትልሚ ሒዝና እናሰራሕና ንርከብ። ኣብዝሓለፈ ዓመት ዝነበሩ ድኽመታት ብምውጋድ ዝነበሩ ጥንካረታት ድማ ተጠናኺሮም ንምቕፃል እናተንቐሳቀስና ንርከብ ይብሉ። ብፍላይ ሳላምን ቱሪዝምን ዝተተሓሓዘ ስለዝኾነ እቲ ዝተረኽበ ሰላም ሙሉእ ክኸውን ጎኒ ንጎኒ ዝከኣለና ግደ እናተፃወትና ኣብ ቱሪዝም ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝሓሸ ስራሕ ንምስራሕ እናፀዓርና ኣለና ክብሉ ይገልፁ።

ሰላም እንተልዩ ቱሪስት ይመፅእ፤ ሰላም ተዘይሃልዩ ግና ቱሪስት ክመፅእ ኣይኽእልን፤ ምኽንያቱ ክልቲኦም ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፅ 'ዮም፤ ዝነፃፀሉ ጉዳያት ኣይኮኑን፤ ስለዚ ሰላም ብጣዕሚ ወሳኒ ምዃኑ ንማንም ዝጠፍኦ ኣይመስለንንብምባል የርድኡ።

ቅድሚ ኩናት ምፍጣሩ ማለት ክሳብ ክልተሽሕን ዓሰርተ ሓደን ከምኡ 'ውን ክልተ ሽሕን ዓሰርተ ክልተን ብዙሕ ቱሪስትታት እናመፁ ነይሮም 'ዮም ዝበሉ እቶም ሓላፊ፤ ድሕሪኡ ግና ዳርጋ ናብ ዜሮ 'ዩ ተመሊሱ፤ ብፍላይ ናይ ደገ ቱሪስትታት ሙሉእ ብሙሉእ ኣይመፁን ምባል ይከኣል 'ዩ ይብሉ።

ስለዚ እዚ ናብቲ ዝሓሸ ደረጃ ማለት ቱሪስትታት ዝመፅሉ ዝነበሩ እዋን ንምምላስ 'ዩ ዝስራሕ ዘሎ። ሕዚ 'ውን ኣብ ውሽጥና ዘሎ ናይ ፖለቲካ ሃዋህው ኣብ ምንቕስቓስ ቱሪዝም ናይ በዓሉ ኣሉታዊ ፅልዋ እናሕደረ 'ዩ ይብሉ። እዚ ክኸውን ዘይግበኦ ዝነበረ 'ዩ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን ብሓፈሻ ዋላ ኣብ ተፈላላዩ ሃገራት ዘሎ ኩናት ይዕበ ይንኣስ ናይ በዓሉ ፅልዋ ኣለዎ 'ዩ ክብሉ ይዛረቡ።

ብሓፈሻ ሰላም እንተኾይኑ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ማለት ኣብ ሙሉእ ዓመት ናብ ከባቢ 5ሽሕ ዝኸውን ናይ ደገ በፃሕቲ ዓዲ ንምስሓብ ተሊምና እናሰራሕና ንርከብ። ከምኡ 'ውን ናብ ከባቢ ነፕቢ 5 ሚልዮን ዝኸውን ናይ ውሽጢ ዓዲ ቱሪስትታት ተሊምና እናሰራሕና ኢና ዘለና ይብሉ ሓላፊ ባህልን ቱሪዝምን እታ ከተማ።

በዚ መሰረት እቲ ናይ ውሽጢ ዓዲ ተፈላላዩ በዓላት 'ውን ስለዘለዉና ብዙሕ ቱሪስትታት እናመፁና 'ዩ። ከምኡ 'ውን ዲያስፖራ ኢትዮጵያውያን እንተይቀረዩ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝበለፀ እናመፁና 'ዮም። ሕዚ እቲ ናይ ሰላም ኩነታት ኣብዝሓሸ ደረጃ ስለዘሎ እቲ ናይ ውሽጢ ዓዲ ቱሪስት ይመፅእ ኣሎ 'ዩ። ብዙሕ ዲያስፖራ 'ውን መፂኡና 'ዩ። ብፍላይ ምስቲ ኣሸንዳን ዓይኒ ዋርን ተኣሳሲሩ ብርክት ዝበሉ ቱሪስትታት መፂኦምና 'ዮም። ምስ መስቀል ተኣሳሲሩ 'ውን ብዙሕ ናይ ውሽጢ ዓዲ ቱሪስት መፂኡና 'ዩ። ቐፂሉ 'ውን ሕዳርፅዮን ስለ ዘሎ ብርክት ዝበለ ቱሪስትታት ክመፁና ይኽእል 'ዩ ኢልና ትፅቢት ንገብር ኣለና ይብሉ እቶም ሓላፊ።

ብፍላይ ቅድሚ ሕዚ ምስቲ ኩናት ተተሓሒዙ ንምምፃእ ዕድል ረኺቡ ዘይነበረ ሎሚ ዘበን ብርክት ዝበለ ጋሻ ክመፅእ 'ዩ ዝብል ትፅቢት ኣሎ። ስለዚ ኣብዚኦም ኩሎም ደማሚርካ ዝመፅእ 'ዩ እቲ በዝሒ ቱሪስት ዝኸውን ዘሎ። እቲ ሰላም ከም ሃገር ኢሉ 'ውን ከም ክልል ዋላ ሙሉእ ኣይኹን ብኣንፃራዊ ኣብ ደሓን ኩነታት ስለዘሎ ተስፋ ዝህብ ናይ ምንቕቓሕ ቱሪዝም ኣሎ ይብሉ።

ናይ ወፃእተኛ በዝሒ ቱሪስትታት ብፌስቡክን ካልኦት ማሕበራዊ ሚድያታትን ዘተኣማምን ሰላም ከምዘየለ ክሰምዑ ይኽእሉ 'ዮም። ኮይኑ ግና ኣብ ከባቢና ምንም ዓይነት ዘስግእ ናይ ሰላም ኩነታት የለን። ምስ ሰላምን ፀጥታን 'ውን ብሓባር እናሰራሕና ኢና፤ ምኽንያቱ ሰላም እንድሕርዘይሃልዩ ኩሉ ተፀላዋይ 'ዩ። ስለዚ ናይ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ናይ ደገ ቱሪስትታት ናይ ሰላም ኩነታት ፀገም ከምዘየለ ክርዱእልና ንደሊ ክብሉ መልእኽቶም የሕልፉ።

ዝኾነ ኣካል 'ውን ሰላም ከምዘየለ ኣምሲሉ ብማሕበራዊ ሚድያ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ከሳራጩ የብሉን። ኩሉ ነገር መንግስቲ ስለዝፈልጦ ሰላም ተዘይሃልዩ 'ውን መንግስቲ 'ዩ በዓሉ ክገልፅ ዝግበኦ። ቱሪስትታት 'ውን ካብ መንግስቲ ብዝወፁ ሓበሬታ 'ዮም ክሰምዑ ዘለዎም ክብሉ ይመኽሩ። ኣብ ከባቢና ፍፁም ሰላም ምዃኑ በዓሎም እቶም ቱሪስትታት ብኣካል መፂኦም ዝመስክርዎ ጉዳይ 'ዩ።

ቱሪስት ብፍላይ ናይ ደገ ምስቲ ዝነበረ ናይ ኩናት ኩነታት ሕዚ ሰላም ከምዘሎ ስለዘይፀረየሉ ናይ ወፃእተኛ ጎንብናዩ ክሳብ ሕዚ ኣብዚ ናይ መጀመርያ ርብዒ ዓመት 2017 ዓ.ም ናብ ከባቢ 340 ዝኸውን 'ዩ ኣትዩና ዘሎ። እዚ ብጣዕሚ ንእሹተይ ቑፅሪ 'ዩ። ናይ ውሽጢ ዓዲ ድማ ልዕሊ 100ሽሕ 'ዩ። ኮይኑ ግና እቲ ኩነታ ሰላም እናተማሕየሸ እንተኸይዱ ኣብ ከም ህዳርፅዮን ብርክት ዝበለ ጋሻ ክመፅእ ይኽእል 'ዩ ኢልና ንሓስብ ክብሉ ይዛረቡ ሓላፊ ባህልን ቱሪዝም እታ ከተማ።

ብተመሳሳሊ ኣይተ ገዛህኝ ኣባተ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምክትል ዋና ዳይሬክተር ኢንስቲትዩት ስልጠና ቱሪዝም ዝኾኑ ብወገኖም፤ ኣብዚ ዓመት ኣብ ኢትዮጵያ ንመበል 37 ግዜ «ቱሪዝምን ሰላምን» ብዝብል ቴማ ዝተኸበረ መዓልቲ ቱሪዝም ዓለም ብዛዕባ ስለምን ቱሪምን እንትገልፁ ከምዝበልዎ፤ ሰላምን ቱሪዝምን ነንሕድሕዶም ተመጋገብቲ 'ዮም፤ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ኣዝዮም ኣገደስቲ 'ዮም። ሰባት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክጓዓዙን መስሕባት ቱሪዝም ክጉብንዩን፣ ወሃብቲ ኣገልግሎት ድሕንነት በፃሕቲ ዓዲ ብውሑስ መንገዲ ምሉእ ኣቀባብላ ክገብሩ ሰላም ኣገዳሲ 'ዩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ዓብዩ ኣበርክቶ ዘለዎ ቱሪዝም ክነቓቓሕ ምርግጋፅ ሰላምን ድሕንነትን ቀዳምነት ክወሃቦ ዝግባእ ጉዳይ 'ዩ ክብሉ ይገልፁ።

# ኣብ ዝራእቲ ክበፅሑ ዝኽእሉ ...

ትግራይ ዘሎ ክራማት ፍልይ ብዝበለ ብኹሉ ኣንፈታት ፅቡቕ ዝብሃል ዝናብ ከምዝኾነን ኣብ ምጥቃም ቀረብ እታወታት መዳበርያ፣ ምሩፅ ዘርኢ፣ መደበኛ ፀረ ባልዓትን ፃህያይ ኣብ ምፅሃይን ብግቡእ ከምዝተኸወነ ይሕብሩ።

ይኹን እምበር እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ከምዝህልው ትንበያ ሚቲዎሮሎጂ ከምዝተሓበረን በዚ መሰረት 'ውን ነዞም ስግኣታት ንምክልኻል ብቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ናይ ሓደጋ ትልምን ኣንፈትን ተተሒዝሎም ምድላዋት ይግበረሎም ከምዘሎ ኣይተ ገብረሂወት ይዛረቡ።

ኣይተ ገብረሂወት ብፍላይ ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፤ ብመሰረት ሓበሬታ ትንበያ ሚቲዎሮሎጂ ኣብ ዝራእቲ ክልተ ነገራት ፈተና ኪጋጥም ከምዝኽእል ተሓሳቢ ከምዝግበረን ካብቶም ስግኣታት እቲ ሓደ ባልዕ ኣንበጣ ኮይኑ ዛጊድ 'ውን ካብ ፌዴራል ብዝተረኸበ ሓበሬታ ኣብ ክልል ዓፋር ዕስለ ኣንበጣ ኦም ከምዝተረኣየን ተወሳኺ ፈተሻ 'ውን ይግበር ከምዘሎ 'ዮም ዝሕብሩ።

ነዞም ስግኣታት ንምክልኻል ካብ ክልል ጀሚሩ ክሳብ ጣብያ ዝተዳራጀወ ግብረ ሓይሊ ከምዘሎ ዝሕብሩ ኣይተ ገብረሂወት፤ እቲ ባለዕ ብኹሉ ኣንፈት ትግራይን ብፍላይ ብመዳወብቲ ዓፋር ዘሎ ከባቢ ብሓረስቶት ይኹን ብዝምልከቶም ኣካላት እኹል ፈተሻን ክትትልን ንኽገብሩን ምልዕዓል ከምዝገብሩን ነዚ ዘድሊ ድማ ቀረብ ናውትን ሓይሊ ሰብን ናይ ምድላው ስራሕቲ ይስርሑ ከምዘለው ይሕብሩ። ከምኡ 'ውን እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ኪጋጥም ከምዝኽእል ተሓሳቢ ዝገበረ እቲ ዘሎ ሓይሊ ሰብ ብምውዳብ ብፍላይ ዘባፅሑ ከም ስርናይን ስገምን ዝበሉን ጣፍን ብቕልጡፍ ተዓፂዶም ተኻይዶም ንክኣትው ምድላዋት እናተገበረ ከምዝርከብ ይዛረቡ።

እቲ ዓመት ሙሉእ ዝተለፈዐሉ ዝራእቲ ብዝናብ ጉድኣት ከይበፅሖ ብቕልጡፍ ተዓፂዱ ንክኣትው ተሳትፎ ትካላት ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ካልኦት ኣካላትን ኣድላይ ከምዝኾነ ዝዛረቡ ኣይተ ገብረሂወት፤ ብፍላይ ዝተፍላለዩ ቀረብ መሳርሒ ሕፅረት ከየጋጥም ብእዋኑ ናብቲ ሓረስታይ ዘቕረቡሉ ዕድል ክፍጠር ኣለዎ ብምባል፤ ኣብ ከተማን ገጠርን ዘሎ ሓይሊ ሰብ መንእሰይ በቢከባቢኡ በዘለው ዘተሓባብሩ ኣካላት ብዝግበር ፃውዒት መሰረት ገይሮም ክሕገዙ ዝግብኦም ዓቕመ ደካማታትን ስድራ ስውኣትን ድጋፍ ምግባር ስለ ዘድሊ ኣብዚ ኩሉ ክረባረብ ከኽእል ከምዘለዎ የረድኡ።

ንማሽን ኣብ ዝምችው ከባቢታት 'ውን ብማሽነሪ ዘተሓገዘ ዓፂድን ምዝባጥን ዝግበረሉ ኩነታት ንክፍጠር ቢሮ ሕርሻ ርብርብ ከምዝገብር ዘመልከቱ ኣይተ ገብረሂወት፤ ጎናጎኒ እቲ ሓረስታይ ብዝተፈላለዩ በዓላትን ማሕበራዊ ጉዳያትን ግዜ ከየጥፍአ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ኣብ ልዕሊ ዝራእቱ ጉድኣት ከየብፅሐ ብቕልጡፍ ዓፂዱን ኣኺይዱን ናብ ገዝኡ ከእትው መልእኽቶም የሕለፉ።

ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ኮምዩኒኬሽን ዝኾኑ ኣይተ ሚኪኤል ምሩፅ ብወገኖም ከምዝብልዎ፤ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ዕድላትን ሓደጋን ከምዘለዎ ብምሕባር፤ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ሓደጋ እንተሃለዎ 'ውን ከም ዕድላት ክውሰዱ ዝኽእሉ ብዙሕ ረብሓ ክህቡ ከምዝኽእሉ 'ውን ይገልፁ 'ዮም። ንኣብነት ሓደ ብሕዱር ጠሊ ኣብ ሓፂር ግዘ ዝባፅሑ ዝራእቲ ከም ኣዕታር፣ ሳዕስዓ ክንዘርእ ስለዝሕግዝ በብኸባቢኡ ዘሎ ሰብ ሞያን ኣመራርሓን ናይ ኸባቢኡ ስነ-ምህዳር መሰረት ዝገበረ ዝራእቲ ሓረስታይ ክዘርእ ምልዕዓል ተዝገበር ይምዕዱ።

ካልኣይ ዛጊድ ዝዘነበን ድሕሪ ሕዚ ዝዘንብን ዝናብ ልምዓት መስኖ ንምጉልባት ዝሕግዝ እዩ ዝብሉ ኣይተ ሚኪኤል ምሩፅ፤ ከምኡ 'ውን ቀለብ እንስሳ ንምልማዕ ስለዝሕግዝ በዚ ዝናብ ዝቦቖሉ ሳዕርታት ብእዋኑ ተዓፂዱ ድርቓ ብኣግባቡ ክእከብን ቀለብ እንስሳ ውሑስ ክንገብርን ሓጋዚ 'ዩ ይብሉ።

እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ከምሓደጋነቱ እነተለዕሉ ድማ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ከበላሽዎ ካብ ዝኽእሉ ነገራት ንዓፂድ ዝባፅሑ ዝራእቲ ምብልሻው እንትኸውን ብፍላይ ድማ ኣብ ዝራእቲ ጣፍ ዓብይ ስግኣት ከምዘሎን ስለዚ ዝባፅሑ ዝራእቲ ኣብ እዋን ዓፂድ ብኽነት ብዝንኪ ኣገባብ ዓፂድ ብወፍሪ ክንዓምም ከምዝግባእ 'ዮም ዝገልፁ።

ካብዚ ብተወሳኺ በብኸባቢኡ ንዝተፈላለዩ ድግሳት ዝወፅእ ዘይተደለየ ወፃኢታት ማለት ልዕሊ ዓቕን ድግስ ከይህሉ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ስለዝኾነ ኣብዝህልዉና ኣወዳድባታት ኣጀንዳ ጌርና ብዑምቐት ብምዝታይ ሕብረተሰብ ካብ ዘይተደለየ ወፃኢ ምቑጣብ ኣካል ምስሳን ምህርቲ ምዃኑ ግንዛበ ክሕዝን ናብ ተግባር ክሰጋገርን ናይ ኩሉ ኣመራርሓን ዝምለከቶ ኣካልን ሓላፍነቱ ክዋፃእ ትፅቢት ከምዝግበር 'ዮም ዝገለፁ።

እቶም ሰብ ሞያ ሕረሻ ከምዝብልዎ፤ ኣብ ዝራእቲ ክበፅሑ ዝኽእሉ ጉድኣታት ንምክልኻል ምድላዋት ይግበር ከምዘሎ ብምሕባር፤ ዝራእቲ ብባልዓትን እዋኑ ብዘይሓለወ ዝናብን ጉድኣት ከይበፅሖ ንክእከብ ኩሉ ብዝኽእሎ ግደኡ ክዋፃእ ከምዝግባእን ከምኡ 'ውን ሚድያታትን መራኸብቲ ሓፋሽን 'ውን ማእቶት ሓረስታይ ክስስን፣ተሞኩሮታት፣ መረዳእታታትን ሓበሬታትን ናብ ሓረስታይ ተበፃሒ ኣብ ምግባር፣ ቤት ዕዮ ቢሮ ሕረሻ ዝሓዞም ሽቶታት ክዕወቱ ኣብ ምሕጋዝን ትርጉም ዘለዎ ስራሕ ክሰርሑን ብመሰረት እዋናዊ ሓበሬታ ሕርሻ ኣብ ክትትል ባልዓትን ምክልኻልን ብፍሉይ ንወራር ባልዓት (ኣንበጣ በረኻ፣ ኣንበጣ ኦም፣ ምሸላ ሕንዚዝ፣ ዒፍ ዋጃን) ካልኦትን ትኹረት ክገበረሉ ይምዕዱ።

# ኣብ ኣከባብራ ገዳም ደብረዳሞ ሃይማኖታዊ ትሕዝቶ ዘህስሱ ንጥፈታት ክህልዉ የብሎምን

**መኣርግ ገ/ሄር**



ኣዲስ ኣበባ፡- ጥንታዊ ገዳም ኣቡነ ኣረጋዊ ዘደብረ ዳሞ ሃይማኖታዊ ትሕዝትኡ ሓልዩ 'ምበር ነቲ በዓል ዘህስሱ ከም ጎይላ፣ ትልሂትን ካልኦትን ክውገዱ ከምዘለዎም ተገሊፁ፡፡

14ጥቕምቲ ዝኽበር ኣቡነ ኣረጋዊ ገዳም ደብረዳሞ ኣብ ኣከባብራ እቲ በዓል ኣመልኪቱ ጋዜጣዊ መግለፂ ተዋሂቡ።

ኣማሓዳሪ ጥንታዊ ገዳም ኣቡነ ኣረጋዊ ዘደብረ ዳሞ ኣባ ገብረፃድቃን ኣብቲ እዋን ከምዝበሉዎ፣ እቲ ክብረ በዓል ትሕዝቶኡ ሓልዩ ንክኽበር ይስራሕ ኣሎ። ኣስዒቦም ናብዚ በዓል ንዝመፁ ኣመንትን ንመላእ ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትናን ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም ሰናይ ትምኒቶም ኣቕሪቦም።

ዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ ጉሎመኸዳ ኣይተ ሃፍቶም ባራኺ ብወገኖም፣ብሰንኪ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኵናት ተዛሓሒሉ ዝፀንሐ ፍሰት ቱሪዝም ንምንቕቓሕ ሰለስተ ዓበይቲ ኮሚቴ ማለት 'ውን ፀጥታ፣ጥዕናን ኣሳሰይትን ተቐበልቲ ጋሻን ተወኪሎም እኹል ምድላው ከምዝተገበረ ሓቢሮም።

10 ጥቅምቲ ተወለድቲ ዓድን ፈተውትን፣ ምሁራን፣ ኣቦታት ሃይማኖት፣ ኣብ ዓውዲ ቱሪዝም ዝነጥፉ ኣካላትን ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚድያን ዝሳተፍሉ መድረኽ ዘተ ከምዘሳልጡ 'ውን ኣገንዚቦም።

መተሓባበሪት ክይዲ ስራሕ ባህልን ቱሪዝምን ወረዳ ጉሎመኸዳ ወይዘሮ ብርሃን ሓጎስ ጥንታዊ ገዳም ኣቡነ ኣረጋዊ ዘደብረ ዳሞን ካልኦት መስሕብ ቱሪዝም ዝኾኑ ከባብታት ኣብ ምልላይን ምንቕቓሕን ልዑል ትኹረት ጌርና ንሰርሕ ኣለና ክብላ ሓቢረን።

ከም ሓበሬታ ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ፣ በዓል ኣቡነ ኣረጋዊ ዘደብረ ዳሞ ንዳግመ ህንፀትን ብናህ መፃኢ ትግራይን ብዝብል መሪሒ ሓሳብ ከም ዝኽበርን እቲ በዓል ንምኽባር ቅድመ ምድላው ተወዲኑ 'ዩ ክብላ ወሲኸን ገሊፀን።

ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ወረዳ ጉሎመኸዳ ኣይተ ነብዩ ስዩም በዓል ኣቡነ ኣረጋዊ ዘደብረ ዳሞ ንምኽባር ዝኽእል እኹል ቅድመ ምድላው ፀጥታ ከምዝተወገነን ኣመንትን ሃወፅትን ብዘይ ምንም ስግኣት ናብቲ ቅዱስ ስፍራ ክመፁ ፀዊዖም።

ኣፈ ጉባኤ ወረዳ ጉሎመኸዳ ኣይ ተስፋማርያም ገብረኣምላኽ ተወለድቲ ዓዲን ፈተውትን ዓለም ለኻዊ ተበፃሕነት እቲ ገዳም ኣብ ምልላይ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ይግባእ ክብሉ 'ውን ሓቢሮም።

በዓል ገዳም ኣቡነ ኣረጋዊ ዘደብረ ዳሞ በብ ዓመቱ 14 ጥቅምቲ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑፀሩ ኣመንቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ዝኽበር እንትኸውን ኣብ ወረዳ ጉሎመኸዳ ጣብያ መዛብር ቁሸት መዛብር ከምዝርከብ ይፍለጥ፡፡

# ንልዕሊ 808 ሽሕ ህዝቢ ተረባሒ ዝገብር ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ተኮር ስርዓት ኣመጋግባ ዕላዊ ኮይኑ

**መኣርግ ገ/ሄር**



ኣዲስ ኣበባ፡- ማሕበር ልምዓት ትግራይን መዳርግቲ ኣካላትን ንልዕሊ 808 ሽሕ ህዝቢ ተረባሒ ዝገብር ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ተኮር ምምሕያሽ ስርዓት ኣመጋግባ ዕላዊ ከምዝኾ ተገሊፁ።

ማሕበር ልምዓት ትግራይ፤ ትካል ገባሪ ሰናይ ዩኒሴፍ ቢሮ ጥዕናን ትግራይ ብምትሕብባር ኣብ ኣብ ዞባታት ደቡብ፣ ደቡብ ምብራቕ፣ ምብራቕ፣ ማእኸልን ሰሜን ምዕራብን ትግራይ ንዝነብር ልዕሊ 808 ሽሕ ህዝቢ ተረባሒ ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ተኮር ስርዓት ኣመጋግባ ዕላዊ ከምዝኾነ ገሊፁ።

ኣብቲ ካብ 10 ወረዳታት ዝተውፃእፅኡ ኣመራርሓ ማልትን ትካል ገባሪ ሰናይ ዩኒሴፍን፣ ኣመሓደርትን ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ጥዕና ወረዳታትን ክኢታታት ስርዓት ኣመጋግባን ዝተረኸብሉ ምብሳር ፕሮጀክት ዝተረኸቡ ፈፃሚ ዳይሬክተር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣይተ ተስፋይ ገብረእግዚኣብሄር፤ ማልት ቅድም ክብል ኣብ ትግራይ ብዘጋጠመ ኲይናትን ስዒቡ ዝመፀ ድርቅን ህፁፅ ምላሽ ንምሃብ ኣብ ሂወት ኣድሕን ስራሕቲ ስርዓት ኣመጋግባ እናተሰርሐ ከምዝፀመ ገሊፆም፡፡

በዚ ሐዚ ዕላዊ ዝኾነ ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ተኮር ስርዓት ኣመጋግባ ድማ ዘላቒ ዝኾነን ውሕስና ስርዓት ኣመጋግባ ንምፍጣርን በዚ ኣቢሉ ብቑፅ ተረካቢ ዓዲ ዝኾነ ወለዶ ንምህናፅ ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ባይታ ንምንፃፍ ዝዓለመ ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

እቲ ፕሮጀክት ናብ ባይታ ወሪድካ ንምትግባር ኣብ ዝግበር ወፍሪ ክሰርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ኣመልኪቱ ፅሑፍ ዘቕረቡ ብዓል ሞያ ጥዕናን ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ጥዕናን ስርዓት ኣመጋግባን ኣይተ ተስፋይ ተመስገን ብወገኖም፤ ብ52 ሚልዮን ብር ዝፍፀም ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ተኮር ምምሕያሽ ስርዓት ኣመጋግባ ኣብ ውሽጢ 10 ወርሒ ዝዛዘም እንትኾን ኣብ 10 ወረዳታትን 111 ጣብያታት ዝነብር ሸሞንተ ሚኢትን ሸሞንተ ሽሕን 529 ህዝቢ ተረባሒ ከምዝገብርን ካብዚኦም እቶም ን118 ሽሕን512 ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ህፃናትን 27ሽኽን599 መጥበውትን ነብሰፁር ኣዴታትን ተጠቀምቲ ዝኾናሉ ዕድል ከምዝፈጥር ንዕውትነቱ ድማ ካብ ማልት ክሳብ ቁሸት ዘሎ ክኢላን ኣመራርሓን ብምውዳድ ኣቢሉ ዝፍፀም ምዃኑን ገሊፆም።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ወረዳ ናዕዴር ኣይተ ማህደር ፀሃየን ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ጥዕና ከተማ ማይጨው ሲስተር ሂወት ነጋሲን ኣብ ምብሳር እቲ ፕሮጀክት ካብ ዝተሳተፉ እንትኾኑ እቲ ፕሮጀክት ናብ ባይታ ብምውራድ ብብርኪ ማሕበረሰብ ዝፍፀምን ቅድሚ ምጅማር ኲይናት ኣብ ብፅቡቕ ኲነታት ይጉዓዝ ዝነበረ ስርዓት ኣመጋግባ ማሕበረሰብ ብሰንኪ ዘጋጠመ ኲናት ንድሕሪት ተመሊሱ ብምህላው እዚ ናብ ንቡር ብምምላስ ጥዕንኡ ዝሓለወ መፍረያይ ዜጋ ኣብ ምፍጣር ልዑል ኣበርክቶ ዝህልዎን ኣብ ትግበርኡ ድማ ምስ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ከምኡ'ውን ካብ ወረዳ ክሳብ ቁሸት ዘሎ መሓውርን ብምጥቃምን ጥቡቕ ክትትል ብምግባርን ንምውጋን ብዕቱብ ከምዝሰርሑ ገሊፆም።

# ብውልቀ ፃዕሮም መነባብሮኦም እናለወጡ ዝርከቡ መናእሰይ ኣብ ዓድኻ ሰሪሕኻ ምልዋጥ ከም ዝከኣል ሓቢሮም

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ትግራይ ከተማ መቐለ ኣብ ክፍለ ከተማ ዓይደር ኣብ ስራሕቲ ፈርኒቸር ተዋፊሮም ብውልቀ ፃዕሮም መነባብሮኦም እናለወጡ ዝርከቡ መናእሰይ፣ ኣብ ዓድኻ ሰሪሕኻ ምልዋጥ ስለዝከኣል ዝኾነ ይኹን መንእሰይ ፃዕሩ ከሐይል ከም ዝግባእ ገሊፆም።

መንእሰይ ክብሮም ፀጋይ፣ ኣብ እንዳ ሰብ ተቖፂሩ ይሰርሕ ምንባሩ ብምግላፅ፣ ካብቲ እንዳሰብ ተቓፂሩ ዝሰርሖ ኣስታት 160 ሽሕ ብር ብምውህላል ዝኸፈቶ እንዳ ጣውላ ን27 መናእሰይ ካብ 2500 ክሳብ 17 ሽሕ ወርሓዊ መሃያ እናኸፈለ ዕድል ስራሕ ዝፈጠረሎም መናእሰይ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ንካሊእ ሰብ ዕድል ስራሕ ምፍጣር ከም ዘሎ ኮይኑ ንዓርሱ ድማ ከባቢ 2 ነጥቢ 5 ሚሊየን ብር ካፒታል ከም ዘለዎ ብምግላፅ፤ እንተኾነ ግና መስርሒ ቦታ ብዘይምህላዉ ተኻርዩ ይሰርሕ ከምዘሎን ዝምልከቶ ኣካል ፀገሙ ተረዲኡ ክፈትሓሉን ይላቦ።

ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ተዋፊሩ ዝርከብ መንእሰይ ግርማይ ሸሻይ፣ ነዚ ስራሕ ብ50 ሽሕ ብር ከምዝጀመረ ብምሕባር፤ "ሐዚ ካብ ባዕለይ ሓሊፈ ብዓቕመይ ንኣርባዕተ መናእሰይ ዕድል ስራሕ ፈጢረ ይርከብ፤ ይኹንምበር ሰኣን መስርሒ ቦታ ተኻርየ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ፡፡ ብምኻኑ ዝምልከቶ ኣካል ፀገሙ ክፈትሐሉ ይላቦ።

እቲ መንእሰይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክልወጥ እየ ኢሉ እንተፅዒሩ ንዓርሱ ክኢሉ ንካልኦት እውን ክጠቅም ከምዝኽእል ብምርዳእ ፤ኣብ ዓድኻ ሰሪሕ ምልዋጥ ከምዝከኣል ብምጥቃስ፣ መናእሰይ ብዘለዎም ዓቕሚ ኣብ ዓዶም ክሰርሑ ይግባእ ኢሉ ብምምዓድ እግሮም ናብ ዝመርሖም ብምኻድ ንኣደዳ ሞትን ስደት ካብ ክሳጥሑ የብሎምን ክብል ምዒዱ።

ከም ሓበሬታ ቢሮ ጉዳይ ኮሚኒኬሽን ትግራይ እቶም መናእሰይ ናብዚ ብርኪ ንምብፃሕ ብዙሕ ዕንቅፋታት ከም ዝሓለፉን ሐዚ 'ውን መንግስቲ ፀገም መስርሒ ቦታን ልቓሕን ክፈትሓሎምን ከምኦም ሰሪሖም ክልወጡ ዝደልዩ መናእሰይ 'ውን ስራሕ ንምጅማር ፀገም መስርሒ ቦታን ልቓሕን መሓንቖ ስለዝኾናም እዚ ፀገም ክፍታሕ ብምግባር መናእሰይ ንኣዳዳ ስደትን ሞትን ካብ ምቅላዕ ከድሕን እንተዝግበር ዝብል ለበዋ ኣቕሪቦም።

መተሓባበሪ ማኒፋክቸሪንግ እቲ ክፍለ ከተማ ኣይተ ገብረስላሴ ብርሃነ፣ ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ መናእሰይ ኣብ መስርሒ ቦታን ልቓሕን ፀገም ኣሎ ብምባል፤ መስርሒ ቦታን ልቓሕን ዝረኸቡ እውን ብሰንኪ ሓይሊ መብራህቲ ናብ ስራሕ ንምእታዉ ይፅገሙ 'ዮም ኢሎም።

ስለዚ እቶም ፀገማት ብምንፃር፣ ንዝምልከቶም ኣካላት እናሓተቱ ከም ዝርከቡን ብሓፈሻ በቶም መናእሰይ ዝለዓሉ ፀገማት ብክፍለ ከተማ ዝፍትሑ ንምፍታሕ እናተሰርሐ ከምዘሎን ልዕሊ ዓቕሚ እቲ ክፍለ ከተማ ዝኾኑ ድማ ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ብምፍላጥ ንክፍትሑ ምንቅስቓስ ይካየድ ከምዘሎ ኣረዲኦም፡፡

# ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት እታ ሃገር እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ክህልው ከምዝኽእል ተገሊፁ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ማእኸላይ፣ ኣብ ምብራቕን ኣብ ሰሜን ምዕራብን ከፋላት እታ ሃገር ካብ ዝጠናኸሩ ዘለው ኲነታት ኣየር ብምብጋስ እዋኑ ዘይሐለወ ዝናብ ክህልው ከምዝኽእል ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

ካብ ክልል ኣምሓራ ኣብ ሰሜንን ደቡብ ወሎ፣ ዋግኸምራ፤ ሰሜን ሸዋን ፍሉይ ዞን ብሔረሰብ ኦሮሞን፤ ካብ ክልል ትግራይ ድማ ኣብ ዞባታት ደቡብን ደቡብ ምብራቅን፤ ካብ ክልል ዓፋር ዞባታት ፋንቲ፣ ማሂ፣ ሃሪን ጋቢን፤ ካብ ክልል ኦሮሚያ ምብራቅ፣ ምዕራብ፣ ደቡብ ምዕራብን ሰሜን ሸዋን (ሰላሌ)፤ ኣዲስ ኣበባ፤ ኣብ ዞባታት ክልል ማዕኸላዊ ኢትዮጵያ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ክህልው ከምዝኽእል ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ንትፐኢ ኣብ ዝለኣኾ ሓበሬታ ትንበያ ኣመላኺቱ።

ኣብ ዝቕፅሉ ዓሰርተ መዓልትታት ሓጋይ ካልኣይ ናይ ዝናብ እዋኖም ኣብ ዝኾኑ ከፋላት እታ ሃገር ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዘለዎ ዝናብ ከምዝረኽቡ እቲ ኢንስቲትዩት ኣፍሊጡ። ዝናብ ወሃቢ ኲነታት ኣየር ደቡብ፣ ምብራቕ፣ደቡብ ምዕራብን ምዕራብን ክፍሊታት እታ ሃገር ዝሓሸ ሽፋን ከምዝህልዎም ተገሊፁ።

ሓጋይ ካልኣይ ናይ ዝናብ እዋኖም ኣብ ዝኾኑ ካብ ክልል ኦሮሚያ ዞባታት ባሌን ምብራቕን፣ ጉጂ፣ ምዕራብ ጉጂ፣ ቦረናን ምብራቕ ቦረናን፤ ካብ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ ዞባታት ጋሞ፣ ጎፋ፣ ጌዴኦ፣ ወላይታ፣ ኮንሶ፣ ኣማሮ፣ ባስኬቶ፣ ቡርጂን ደቡብ ኦሞን፤ ካብ ክልል ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ዞናት ቤንችሸኮ፣ ዳውሮ፣ ኮንታን ምዕራብ ኦሞን፤ ኩለን ዞናት ክልል ሲዳማ፤ ካብ ክልል ሶማሌ ዞባታት ፋፋን፣ ኤረር፣ ጀረር፣ ኖጎብ፣ ሊበን፣ ቆራሂ ዶሎ፣ ዳዋ፣ ሊበን፣ ኣፍዴርን ሸበልን፤ ከምኡ 'ውን ኣብ ሀረሪን ድሬዳዋን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ቀሊልን ማእኸላይን መጠን ዘለዎ ዝናብ ከምዝረኽቡ ተሓቢሩ።

ኣብ እዋን ክረምቲ ዝናብ እናረኽቡ ኣብ ዝነበሩ ኣብ ምዕራብ፣ ደቡብ ምዕራብን ከምኡ 'ውን ኣብ ምብራቕ ክፋላት እታ ሃገር እቲ ዝናብ ቀፃላይነት ከምዝህልዎ ተመላኺቱ። ከምኡ 'ውን ባሓይሊ ፀሐይ ተሓጊዙ ካብ ዝተጠናኸሩ እኩብ ደመናታት ተተሓሒዙ ኣብ ከባቢታት ምዕራብ ቁለም ወለጋ፣ ኢሉባቦር፣ ቡኖ በደሌ፣ ጅማ፤ ከፋ፣ ሸካና ማጂ ኣብ ውሑድ ቦታታቶም ከቢድ መጠን ዘለዎ ዝናብ ክረኽቡ 'ዮም።

ካብ ክልል ኦሮሚያ ምብራቕ ወለጋ፣ ሆሮጉዱሩ ወለጋ፣ ኣርሲን ምዕራብ ኣርሲን፤ ምሥራቅን ምዕራብን ሀረርጌ፣ ካብ ክልል ቤኒሻንጉል ጉሙዝ መተከል፣ ኣሶሳ፣ ካማሺን ፍሉይ ዞባ የማኦኮምን፤ ካብ ክልል ጋምቤላ ፍሉይ ዞባ ኢታንግ፣ ኑዌር፣ ኣኝዋን ማጃንግ ኣብ ብዙሕ ቦታታቶም ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዘለዎ ዝናብ ከምዝረኽቡ ተጠቂሱ።

ካብ ክልል ኣምሓራ ምዕራብ ጎንደር፣ ምብራቕ፣ ምዕራብን ሰሜንን ጎጃም፣ ናይ ሰሜን፣ ናይ ደቡብን ማዕከላዊ ጎንደር፣ ኣዊ ዞባታት ኣብ ዙርያ ባሕርዳር፤ ካብ ክልል ትግራይ ኣብ ዞባታት ሰሜን ምዕራብን ምዕራብን ቀሊል መጠን ዘለዎ ዝናብ ከምዝረኽቡ እቲ ትንበያ ይሕብር።



# ስፖርት





## ኢትዮጵያ ብጠረጴዛ ቴኒስ ድሕሪ 24 ዓመት ሜዳልያ ኣመዝገባ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኢትዮጵያ እናተኣናገደት ኣብ ዝርከብ ሻምፒዮና ናይ ኣፍሪካ ጠረጴዛ ቴንስ ብጉጅለ ውድድር ድሕሪ 24 ዓመታት ሜዳልያ ምዝጋብ ክኢላ ‘ያ፡፡ ካብ ጥቅምቲ 2 /2017 ዓ.ም ጀሚሩ ንሓደ ሰሙን ኣብ ስፖርት ኣካዳሚ ኢትዮጵያ ጅምናዝየም ዝካየድ ዘሎ ናይ ኣፍሪካ ጠረጴዛ ቴኒስ ሻምፒዮና ብጠንካራ ንሕንሕ ተዓጂቡ መበል ሓምሻይ ማዓልቲ ይርከብ፡፡

ብጠረጴዛ ቴኒስ ጠንካራ ተናሓናሕቲ ዝኾኑ ሃገራት ዝተሳተፉ እንትኾን ኢትዮጵያ ብደቂ ኣንስትዮ ዓወት ኣይቀንዓን፡፡ ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝግበር ንሕንሕ ግና በቲ ጉጅለ መበል ራብዓይ ብርኪ ብምሓዝ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ሜዳልያ ነሓስ ኣመዝጊባ ‘ያ፡፡

ብኽልቲኡ ፆታ ብዝተፈላለዩ ምድባት ሃገራት ዝገብርዎ ንሕንሕ ጠንካራ እንተኾነ ‘ውን ፤ኢትዮጵያ ኣብ ሜዳኣን ደጋፊኣን ብምፅዋታ ፅቡቕ ተናሓናሒት ኾይና ልዕሊ ሜዳልያ ንሓስ ምምዝጋብ ኣይካኣለትን፡ ፡ ብደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ናይ ፍርቂ ፍፃመን ናይ ፍፃመ ፀወታታት እንትካየዱ ሻምፒዮና ከምኡ ‘ውን ደረጃ ብምድሓዝ ዝዛዘሙ ሃገራት ተፈልዮም ‘ዮም፡፡

እዚ ዓብይ ኣህጉራዊ ንሕንሕ እተተናኣግድ ኢትዮጵያ ብሄራዊ ጉጅለ ካብ ዓለምለኸ ፌዴሬሽን ኣሰልጣኒ ብምግባዝን ብናይ ባዕላ ኣልጣኒ ተሓጊዛ ጠንካራ ምድላዋት እናገበረት ፀኒሓ ‘ያ፡፡ ንኣዳላዊት ሃገር ዝዋሃብ ዕድል ብምጥቃም ተወሳኺ ተፃወቲ ብምስላፍ እቲ ዋና ሓዊሱ 8 ደቂ ተባዕትዮ 8 ደቂ ኣስትዮን ተፃወቲ ኣብ ምስታፍ ትርከብ፡፡

ናይ ኢትዮጲያ ክለባት ቻምፒዮና ከምኡ ‘ውን ካብ ካልኦት ሃገርለኸ ንሕንሕ ዝተመረፁ ተፃወቲ ነዚ ውድድር ዝገበርዎ ፍሉይን ጠንካራን ምድላው ጠንካራ ተናሃናሕቲ ኾይኖም ‘ዮም፡፡ እቶም ውድድር ብጉጅለ ፤ብኽልቲኡ ፆታ፤ ብፅምድን ነፀላን እናተኻየዱ እንትኾኑ ጉጅለ ኢትዮጵያ ድማ ብምድብ ፀወታታት ጠንካራ ሃገራት ገጢሙ ፅቡቕ ተናሓናሒ ብምዃን መበል ራብዓይ ብርኪ ሒዙ ብምዝዛሙ ‘ዩ ሜዳልያ ነሓስ ክረክብ ዝኻኣለ፡፡

ብደቂ ተባዕትዮ ናይ ጉጅለ ምድብ መፃረይ ፀወታ ካብ ሱዳንን ቱኒዚያን ዝተመደበ ርብዒ ፍፃመ ግጥምያ ተፀዊታ 3ን2 ብምስዓር ንፍርቂ ፍፃመ ምብፃሕ ክኢላ ‘ያ፡፡ ካብ ምድብ መፅረይ ጀሚሩ በጉጅለ ፅቡቕ ምንቅስቃስ ብምርኣይ ንፅዋዕ ንምሕላፍ ኣብ ዝተኻየደ ፍርቂ ፍፃመ ግጥምያ ብናይጀርያ 3ን0 ተሳዒራ ንፅዋዕ ከይሓለፈት ተሪፋ ‘ያ፡፡ ናይቲ ውድድር ከባድ ተናሓናሒት ዝኾነት ሃገር ቶጎ ብተመሳሳሊ ውፅኢት ስዒራ ‘ያ፡፡ በዚ ድማ ናይጀርያ ብቡድን ውድድር ፅዋዕ ክሳብ ምውሳድ በፂሓ ‘ያ፡፡

ናይጀርያ በቲ ፍፃመ ፀወታ ናይ ሰሜን ኣፍሪካ ጠንካራ ተፎኻኻሪ ኣልጀርያ ገጢማ 3ን1 ብዝኾነ ውፅኢት ብምስዓር ኣበወ ሸውዓተ ዓመት ናይ መጀመርያ ናይ ጉጅለ ፅዋዕ ዘሰኸዐት ኾይና ‘ያ፡፡ በዚ ናይ ጉጅለ ውድድር ኣልጀርያ ኻልኣይ ኾይንያ እንትዛዝም፣ ቱንዚያ ሳልሳይ፣ ኢትዮጵያ መበል ራብዓይ ኾይና ሜዳልያ ነሓስ ምምዝጋብ ክኢላ ‘ያ፡፡

ብደቂ ኣንስትዮ ናይ ጉጅለ ውድድር ብምድብ ፀወታታት ኢትዮጵያ ዓወት ዘይቀንዓ እንትኾን ግብፂ ናይቲ ውድድር ተዓዋቲት ኾይና ‘ያ፡፡ ብደቂ ተባዕትዮ ናይ ጉጅለ ፅዋዕ ዝወሰደት ናይጀርያ ብደቂ ኣንስትዮ ‘ውን ክሳብ ፍፃመ ዝበፅሐት እንትትኸውን ብግብፂ 3ን0 ተሳዒራ ‘ያ፡፡ ግብፂ ብወገና ንመበል ራብዓይ ተኸታታሊ ግዜ ፅዋዕ ወሲዳ ‘ያ፡፡

ንኣህጉራዊ መድረኽ ናይጀርያን ግብፅን ብውፅኢት ቀዳሞት እንትኾና ኢትዮጵያ ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ ብ2000 ባዕላ ኣብ ዛዳለወቶ ውድድር ሜዳልያ ውሽጢ ምስ ኣተወት ሜዳልያ እንትተመዝግብ ሎሚ ንኻልኣይ እዋን ‘ዩ፡፡ ቅድሚ ኽዚ መናእሰይ ጠረጴዛ ቴኒስ ቻምፒዮና ሓዊሱ ብ1993 መበል ዓሰርተ ኣርባዕተ መላእ ጠረጴዛ ቴኒስ ቻምፒዮና ብዝተሳኸዐ ኣተኣናጊዳ ‘ያ፡፡ እቲ ውድድር ኣብ ቀፃሊ መዓልቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ምድባት ናይ መፃረይን ፍፃመ ግጥም እናተኣናገደ ዝቕፅል እንትኾን ዝመፅእ ቐዳም ተዓዋታይ ዝኸውን ሃገር ብምፍላይ ፍፃመኡ ክረክብ ‘ዩ፡፡

ኣልጀርያ፣ ናይጀርያ፣ ሴኔጋል፣ ሱዳን፣ካሜሮን ፤ጋና ፤ሩዋንዳ ፤ቱኒዝያ ፤ኣንጎላ ፤ ቤኒን፣ ደቡብ ኣፍሪካ፣ ቶጎ፣ ዩጋንዳ፣ ኢትዮጵያ ሓዊሱ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪካ ውድድሮም ብዝተፈላለየ ምድባት እናካየዱ ይርከቡ፡፡ ካብቲ ውድድር ምጅማር ቅድም ኣቢሉ ናይቲ ውድድር ኣመራርሓ ስልጠና ዝተውሃበ እንትኾን ከምኡ ‘ውን ናይ ኣፍሪካ ጠረጴዛ ቴኒስ ጠቕላላ ጉባኤ ብኣፍሪካ ኢኮኖሚክ ኮምሺን ተኻይዱ ‘ዩ፡፡ ኣብቲ መድረኽ ናይ ዓለም ጠረጴዛ ቴኒስ ፌዴሬሽን ፕሬዝዳንት ፔትራ ሶርሊንግ ሓዊሱ ናይ ኣፍሪካ ጠረጴዛ ቴኒስ ፕሬዝደንት ፤ሚኒስትር ስፖርትን ባህልን ፌዴሪኢ ሸዊት ሻንካ ከምኡ ‘ውን ፕሬዝደንት ፌደሬሽን ጠረጴዛ ቴኒስ ኢትዮጵያ ኣይተ ተስፋዬ ብዛኔ ተረኺቦም ‘ዮም፡፡

## ሃይማኖታውን ባህላውን ክብረ- በዓላት ንምንቕቓሕ ዘቤታዊ ቱሪዝም

**ኣብርሃ ሓጎስ**



ሃይማኖታዊ ባህላውን ቱሪዝም ካብ እዋን ናብ እዋን እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ዓይነት ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ከምዝኾነን፤ ካብ መላእ ዓለም ሃይማኖታዊ ባህላውን ፀጋታት ንምብፃሕ ናብ ቅዱሳት ቦታታትን ታሪኻዊ ምልክታትን ሃይማኖታዊ ፍፃመታትን ከምዝጓዓዙ ብሰብ ሞያ እቲ ዓወዲ ይግለፅ ‘ዩ። ብዙሕ ከባቢ ክፋል ሃገርና ብፍላይ ድማ ትግራይ ነዚ ዝተዓደለት ዓዲ ‘ያ።

ምስፍሕፋሕ ሃይሞኖት ክርስትና ኣብ ሃገርና እንትግለፅ ሓቢሩ ካብ ዝለዓሉ ነገራት፤ ኣብ መበል 6ይ ክፍለ ዘበን ካብ ማእኻላይ ምብራቕ ዝመፅኡ ተስኣቱ ቅዱሳን ሓደ ‘ዮም። ምስ ዞም ተስኣቱ ቅዱሳን ተተሓሒዙ ‘ውን ናብራ ገዳም ዝተጀመረሉን ከምኡ ‘ውን ምስፍሕፋሕ ትምህርቲ ፊደገ ሂወትን ወይ ትምህርቲ ቤተ ክርስትያንን ኣብ ዕብየት ስነ ፅሑፍ ዓብይ ግደ ዝነበሮ ‘ውን ‘ዩ ካብዞም ገዳማት ብዋናነት ካብ ዝፅውዑ ድማ ሓደ ጥንታዊ ገዳም ደብረ ዳሞ ‘ዩ።

ከም ሓበሬታ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ፤ ገዳም ደብረ ዳሞ ብ537 ዓ.ም ኣብ እዋን ሃፀይ ገብረመስቀል ዘመነ መንግስቲ ከምዝተሃነፀ ዝፍለጥ ኮይኑ ኣብ ሃገርና ክሳብ ሐዚ ብዕድሚኡ ካብቶም ኣብ ቕድሚት ዝስርዑ ገዳማት ሓደ ‘ዩ።

እዚ ገዳም ኣብ ምብራቓዊ ዞባ ወረዳ ጉሎ መኸዳ ካብ ከተማ ዓዲግራት ናብ ዓድዋ ካብ ዝወስድ መንገዲ 11 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ዝርከብ ኮይኑ፤ መጠምዘዚኡ ድማ ካብ ከተማ ብዘት ኣስታት 6 ኪሎ ሜትር ዝርሕቕን ካብ ከተማ መቐለ ድማ ኣብ ርሕቐት 174 ኪ.ሜ ዝርከብ ‘ዩ። እዚ ታሪኻውን ጥንታዊን ገዳም ብፀድፌ ዘተኸበበ ኮይኑ ስፍሓቱ ድማ ካብ ሰሜን ምዕራብ ናብ ደቡብ ምብራቕ 1000 ሜትሮ፣ ካብ ሰሜን ምዕራብ ናብ ደቡብ ምብራቕ 500 ሜተሮ ኮይኑ ብዘይ ሓብሊ (መፅዓን) ንላዕሊ ምድያብ ዘይክኣል ብከውሒ ዝተኸበበ ‘ዩ።

ኣብቲ እምባ ክልተ ኣብያተክርስትያን ይርከቡ። እቲ ጥንታዊ ቤተክርስትያን ኣክሱማዊ ጥበብ ኣተሃናንፃ ዝዓረፈሉ ‘ዩ። እዚ በሃፀይ ገ/ረመስቀል ከምዝተሰርሐ ዝንገረሉ ህንፃ ደቀቕቲ ኣእማንን ፅሩባት ዕንፀይትን ብሓደ ኮይኖም ተራ ብተራ ተፀፉፂፎም ጠጠው ዘበልዎ ‘ዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ቤተ ክርስትያን ድማ ካብ እምኒ ዝተሰርሑ ነዋሕቲ ፅሩባት ዓንድታት ዘለዎ እንትኾን ኣብ ናሕሱ ድማ ዘተፈላለዩ ንድፍታት ዝሓዙ ካብ ዕንፀይቲ ዝተሰርሑ ከፈፉት/ፍሬማት/ ዘለውዎ ‘ዩ። በዓል ንግሲ ገዳም ደብረዳሞ ጥቅምቲ 14 ማለት ‘ውን ከም ሎምዓንቲ በቢዓመቱ ብድምቀት ዝኽበር ‘ዩ።

ምስ እዚ ተተሓሒዙ 14 ጥቅምቲ ዝኽበር ዘሎ ዓመታዊ በዓል ገዳም ደብረ ዳሞ ክብረ በዓል ብርክት ዝበሉ በፃሕቲ ዝሳተፍሉ ዘቤታዊ ቱሪዝም ኮይኑ ኣብ ወረዳ ጉሎመኸዳ ጣብያ መዛብር ብዝደመቀ ንምኽባር፤ ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት ተጣይሾም እናተሰርሑ ከምዝመፅኡ ካብ ምምሕዳር ወረዳ ጉሎመኸዳ ዝተረኸቡ ሓበሬታት የመላክቱ።

ዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ ጉሎመኸዳ ኣይተ ሃፍቶም ባራኺ ከምዝገለፅዎ፣ ክብረ በዓል ጥንታዊ ገዳም ደብረዳሞ ንምብዓል ኮሚቴ ፀጥታ፣ሎጂስቲክስን ምልዕዓልን ብዝብል ኣብ ሰለስተ ዓብዪ መሰናደዊ ኮሚቴ ተጣይሹ ከምዝተሰርሐን ኣብ ኩለመዳይ ኣከባብራ እቲ በዓል ‘ውን ኣመልኪቱ ምስ ኣመራርሓ ገዳም ደብረ ዳሞን ተወለድቲ ዓድን መድረኽ ዘተ ከም ዘተሳለጠን ዝገለፁ እቶም ዋና ኣማሓዳሪ ብምኽንያት ኲናት ቅሂሙ ዝፀንሐ ዓውዲ ቱሪዝም ኣብ ምንቕቓሕ ኣበርቲዕኻ ምስራሕ ከምዝጠልብ ‘ውን ገሊፆም ነይሮም ‘ዮም።

ምስዚ ተተሓሓዙ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝም

### መኣዲ ጥበብ

ትግራይ ኣፅበሃ ገብርእግዚኣብሄር (ደ/ር) ‘ውን ኣብ ማሕበራዊ ድሕረ ገፆም ከምዝገለፅዎ፤ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ብልጫታት ሃይማኖታዊ ቱሪዝም፡ ባህላዊ ምልውዋጥን ሓበራዊ ምርድዳእን ናይ ምድንፋዕ ዓቕሙ ‘ዩ። ሰባት ናብ ሃይማኖታዊ ቦታታት ብምኻድ ብዛዕባ ልምድታትን እምነትን ካልኦት ሃይማኖታትን ባህልታትን ናይ ምፍላጥ ዕድል ይረኽቡ። እዚ ድማ ንብዙሕነት ዝያዳ ምፅውዋርን ምክብባርን ከምኡ’ውን ስግረ-ባህላዊ ርክብን ምትሕብባርን ከስፋሕፍሕ ይኽእል። ካብዚ ሓሊፉ ሃይማኖታዊ ቱሪዝም ንቁጠባ ውሽጢ ዓዲ ከነቓቕሕ ይኽእል ‘ዩ።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ሃይማኖታዊ ቦታታት ዓበይቲ መስሕባት በፃሕቲ ብምዃኖም ንመዕረፊ፣ንምግቢ፣ ንመጓዓዝያን ንመዘከርታታትን ገንዘብ ዘውፅኡ ብዙሓት በፃሕቲ ይስሕቡ። እዚ ድማ ናይ ስራሕ ዕድላት ክፈጥርን ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ናይቶም ኣንገድቲ ማሕበረሰባት ኣበርክቶ ክገብርን ይኽእል። ብተወሳኺ ሃይማኖታዊ ቱሪዝም ኣብ ምዕቃብን ምፅጋንን ሃይማኖታዊ ቅርስታት ኣወንታዊ ፅልዋ ኣለዎ። በብዓመቱ ጥቅምቲ 14 ዝኽበር ገዳም ደብረ ዳሞ ዓብዪ ሃፍቲ ቱሪዝም ትግራይን ሃገርን ኢሉ ‘ውን ዓለምን ብምዃኑ እዚ በዓል ንሕውየት ትግራይን ኩለመዳያዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይን ክውዕል ክንድግፍ ይግባእ ክብሉ ይፅውዑ።

ብሓፍሻ ዓመታዊ ሃይማኖታውን ባህላውን ክብረ በዓላት ንምኽባር ሰባት ካብ ርሑቑን ቀረባን እንትንቀሳቀሱ ዘለዎ ናይ ኩለመዳያዊ ሕውየት ዓቕሚ ኣዝዩ ልዑል ከምዝኾነን፤ ብፍላይ ዘቤታዊ ቱሪዝም ሓደ ዓዲ ንምልዕዓል ዝለዓለ ግደ ከምዘለዎ ይግለፅ ‘ዩ። ነዚ ብግቡእ ናብ ረብሓ ንምውዓል ድማ ኣብ ምዕቃብን ምልላይን ዘቤታዊ ሓድግታት ቱሪዝም ብዕቱብ ብምስራሕን ፀጋታት ቱሪዝም ከባቢና ናብ ረብሓ ብምልዋጥን ዓውዲ ቱሪዝም ንምብራኽ ብዝበለፀ ትኹረት ክስረሐሉ ዝተባባዕ ‘ዩ።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ